# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.39 ሓሙስ 15 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
መዘክር ሓበሬታ፡ ኣብ ዝምድናታት ኤርትራን ኢትዮጵያን

ገጽ 4
ትካል ከም ማሕበረ-ቁጠባዊት ኣሃዱ




ገጽ 5
ወለዶታት ዘየቃዱ ቋንቋ



ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 8
ኣብ ‘ኮሮናሪ ኣርተሪ’ ...





## ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተቓነዐ፡ ብዛዕባ ‘ዘይምጥቃም ብሰብ ዝተሃንደሰ ምቁጽጻር ጸሓያዊ ጸዓት’ ኣብ ዝዘተየ ኣኼባ ተሳቲፋ

ዲፕሎማሲያዊ ጉጅለ ኣፍሪቃ፡ ኣፍሪቃዊ ዓቕሚ ብምሕያል፡ ብሰብ ዝተሃንደሰ ኣገባብ ምቁጽጻር ጸሓያዊ ጸዓት ንዘይምጥቃም ዝዓለመ ዓለምለኻዊ ስምምዕ ንኽህሉ ዝዓለመ ኣኼቡ ካብ 11 ክሳብ 13 ጥቅምቲ ኣብ ሊሙሩ - ኬንያ ወዲቡ።

ኣብ’ዚ ኣኼቡ ወከልቲ ኤርትራ እትርከበን ኣባል ሃገራት፡ ክኢላታት ክሊማን ኣከባቢን፡ ከምኡ’ውን ወከልቲ ዓለምለኻውን ዞባውን ትካላት ተሳቲፎም ነይሮም።

እቲ ኣኼቡ፡ ብሰብ ዝተሃንደሰ ኣገባብ ምቁጽጻር ጸሓያዊ ጸዓት፡ ማለት ናብ ምድሪ ዝበጽሕ ጸሓያዊ ጨረርታ ሽፈንካ ዓለማዊ መቐት ንምንካይ ዝዓለመ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ክሊማን ተፈጥሮኣዊ ኣከባብን ከስዕቦ ኣብ ዝኽእል ከቢድ ሳዕቤናት ዘተዩ።

ተጋባእቲ ብወገኖም፡ እቲ ካብ ኣፍሪቃ ዝቐርብ ዘሎ ተቓውሞ፡ ምስ ሰፋሕ ፍልጠታዊ ዓቕሚ ዘይተኣሳሰር ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነዚ ቴክኖሎጂ ንዘይምጥቃም ዝዓለመ ዓለምለኻዊ ስምምዕ ንኽህሉ፡ ብመንግስቲ ዝግበር ምወላ፡ ኣብ ክፉት ኣየርን ኣከባብን ዝፍቀድ ፈተነታት፡ ኑቲ ቴክኖሎጂ ንምቁጽጻር ዝግበር ሕጋዊ መሰል ውልቀ-ዋንነት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ትሕቲ ዓለምለኻዊ ትካላት ዝግበር ደገፍ ምእጋድ ዘጠቓልሉ መትከላት ከም ዝድልዩ ገሊጾም።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንምህንዳስና ጸሓያዊ ጸዓት ዝፈስስ ፋይናንሳዊ ወፍሪ ንዚጋጥም ዘሎ ለውጢ ክሊማ ንምምካት ተባሂሉ ንዝተመደበ ሃገራዊ ጸጋታት ዝምንዝዕን ዘናኽምን ምዃኑ ብምብራህ፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ዘይውሑስን ሓደገኛን ቴክኖሎጂታት ኣብ ክንዲ ትምርኮሱ፡ ዝሎ ውሽጣዊ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ፡ ባህርያዊ ሓይጋታት ንምክልኻልን ኣቐዲምካ ስግኣታት ንምጽናዕን ከምዝውዕል ክትገብር ኣገዲሱ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ’ቲ ዋዕላ፡ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ሰፊሕ ናይ ተሓዲሰ ጸዓት





ዓቕሚ ስለዘለዋ፡ ኣብ ዘይተረጋገጸን ሳዕቤን ዘለዎምን ቴክኖሎጂታት ኣብ ክንዲ ምምርኳስ፡ ኣብ ርትዓዊ ፍታሓት ክሊማ፡ ተሓዲሱ ጸዓት፡ ምሕያል ዓቕሚን ምድልዳል ጽንዓት ማሕበረሰባትን ዘተኮረ ሓባራዊ ቃልሲ ክቕጽል ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ።

## ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ከሰላ ንዕዉታት ተመሃሮኣ ኣተባቢዓ

ኣብ ከሰላ - ሱዳን እትርከብ ብማሕበረኮም ኤርትራውያን እትእለ ቤት-ትምህርቲ ‘ኣልኣመል’፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ተመሃሮኣ ኣተባቢዓ።

ኣብ’ቲ ብቤት-ጽሕፈት ባህላውን ትምህርታውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ከሰላን ኮሚቲ ወለዲን ዝተወደበ ስነ-ስርዓት፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝወጹ ብሽልማታት፡ እቶም ካልኦት ድማ ንዓይ ክፍሊ ዘድልዮም መጽሓፍቲ ተሸሊሞም።

ኣቦመንበር ኮሚቲ ወለዲ ኣቶ ጃምዕ ሳልሕን ወኪል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሱዳን ኣብ ዞባ ከሰላን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ብሉጽ ውጽኢትን ኣካይዳን ናይ’ታ ቤት-ትምህርቲ መርኣያ ተጉዳስነት መምህራንን ወለድን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንዝቕጽል ዘሎ ወሀድ ጻዕርታት መጉሶም።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ባህላውን ትምህርታውን ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሱዳን መምህር በኾረጼን ሃብተሚካኤል ብወገኑ፡ እቲ ኢጋጣሚ ምስ ቅንያት ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ምጽንባሉ ፍሉይ ትርጉም ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚሩ ኣብ ሱዳን ንዝነብሩ ዜጋታቱ ዘዋደዶ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ መግለጺ ናይ’ቲ ምትእስሳር ዜጋታት ምስ ሃገሮም ብምርግጋጽ፡ መንእሰያት ብባህልን ክብረታትን ሕብረተሰቦም ንክሽሰኩሱ ዘለዎ ንጹር ራኢ ከምዝኾነ ገሊጹ።



ወለድን ተመሃሮን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ዝቐጽል ጉዕዞ ትምህርቲ ዝበለጸ ውጽኢት ንኽምዝገብ ከምዝሰርሑ ቃል ኣትዮም።

እቲ መደብ ብባህላዊ መሰናድኣታት ዝተሰነየ ነይሩ።

### ርእሰ ዓንቀጽ

## ደጊፎም እንተላሃዩዋ፡ ዘላ መሲሉዋ!

ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ሸሞንተ ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ስርዓት ብልጽግና፡ ድሕሪ ምዝዛም ናይ’ቲ ካብ 2020 ክሳብ 2022 ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኩናት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ባዕሉ ኣብ ዘንቀዶ ወተሃደራዊ ዕንደራ’ዩ ተጸሚዱ ጸኒሑ። ኣብ ዘመናዊ ወተሃደራዊ ቴክኖሎጂ፡ ዕጥቅን ተተኳሲትን፡ ከምኡ’ውን ስልጠና ሰራዊት ገዚፍ ወጻኢታት ክዝርን ምጽንሑ፡ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ’ዩ። እዚ ወጻኢታት’ዚ ዓቕሚ ኢትዮጵያ ዝጻወሮ ስለዘይኮነ፡ ብደገፍ ናይ’ቶም ነዚ ዞባን ጸጋታቱን ንምቁጽጻር ሕቡእን እወጅን እኩይ ኣጀንዳታት ዘለዎም ሓይልታት’ዩ ተገይሩ። ስርዓት ብልጽግና፡ ዕሱባትን መጋበርያን ጥራይ’ዩ።

### ነዚ ዝድርዕ ኣብነታት ምስ እንርኢ፦

ኣብ ቀዳሞት ትሽዓተ ኣዋርሕ ናይ 2026 ጥራይ፡ ስርዓት ብልጽግና - ብሽኪ ግኑይ ፖለሲታቱ ንዝተፈጥረን ስልጣኑ ንምድልዳል ኩነ ኢሉ ዝኾለፎን ውሽጣዊ ግጭታት፡ ከምኡ’ውን ንጐረባብቲ ሃገራት ብምትንኻይ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ንምፍጣር ዝውዕል፡ ኣጽዋርን ተተኳሲትን ዘጠቓልል ጽዕነት ናይ 365 ነፈርቲ ወተሃደራዊ ንዋት፡ ካብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተቐቢሉ።

እቲ ስርዓት ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት - ካብ ሓያሎ ለገስቲ ብድምር ልዕሊ 30 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ግዳማዊ ፋይናንሳዊ ሓገዝ’ዩ ረኺቡ። እዚ ዓቃባዊ ገምጋም’ዩ።

ክዉንነት ኢትዮጵያን ህዝቢ ኢትዮጵያን ግና፡ ካልእ’ዩ። በዚ ንህዝብን ሃገርን ቀዳምነት ዘይህብ ዓንዳሪ ኣካይዳ፡ እቲ ኩነታት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝኸፍአ እናንቈልቈለ ብምምጽኡ፡ ኣስታት 21.4 ሚልዮን - ሓደ ሕምሲት ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስካፊ ደረጃ ወዲቑ፡ ህላወኡ ኣብ ሰብኣዊ ትካቦ ዝተመርኮሰ ኮይኑ’ሎ።

ብሓጺሩ፡ ቀዳምነታት ምስሉይ ስርዓት ብልጽግና፡ ንጹር’ዩ። ብዋጋ ድሕነት ዝጠዘለ ህዝቢ ኢትዮጵያን ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን፡ ግጭት ብምስዓር ንጉዳማዊ ኣጀንዳታት ምግልጋልን ደቂቕ ክንሽካ ፍሩይ ክትማስል ምምጥጣርን’ዩ። ኣብ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራን ሱዳንን ዝኑበር ዘሎ ወጠምጠም፡ ናይ’ዚ መርኣያ’ዩ። “ደገፍም እንተላሃዩዋ፡ ዘላ መሰሉዋ” ዝበሉኹም፡ ከም’ዚ ናይ ስርዓት ብልጽግና ሃለዋት’ዩ።

# ኣቑርደት - ኣብ ስርዓተ ምዘና ዘተኩረ ስልጠና ንመምህራን ተዋሂቡ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽባርካ ዝተወደበ ኣብ ስርዓት ምዘና ዘተኩረ ስልጠና፡ ብ10ን 11ን ጥቅምቲ ኣብ ኣቑርደት ንመምህራን ተዋሂቡ።



ኣብ'ቲ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ንዝተዋጽኡ 130 መምህራን፡ ሓለፍቲ ሱፐርቫይዘራትን ርእሰ መምህራንን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምዘና ኣብ ወጥን ምህሮ፡ ኣተረጓጉማ ትሕዝቶ ምዘና፡ ምዘና ንጽቡጥ ወጽኢት፡ ምዘናን መሰረታዊ ምዕባለ ትሕዝቶን፡ ከምኡ'ውን ግደ ምዘና ኣብ ኸኣ ትምህርቲ ዝበሉ ዛዕባታት ቀሪቦም።

ዕላማ ናይ'ዚ ስልጠና፡ ከለንትናዊ ብቕዓት መምህራን ኣለሊኻ ልክዕዊ ምዘና ከምዝሰርጽ ንምግባር፡ ከምኡ'ውን ስልጠንቲ ኣገባብ ምዘና ተረዲኦም ኣብ ተግባር ዘውዕልሉ ባይታ ንምፍጣር ምዃኑ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምዘና ሃገራዊ መርመራ ኣቶ ግርማልም ተከኤን ሓላፊ ኣሃዱ ምዘና መምህር ትከእ ተኽለሃይማኖትን ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ጋሽባርካ መምህር ያሲን መሓመድ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ እቲ ምስ ምጅማር ኣትዮግሂዊ ትምህርቲ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት መምህራንን መሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎ ረብሓ ኣብ ግምት ኣትዩ ናብ ኩሎም መምህራንን ኣብያተ-ትምህርትን ንምብጻሕ ከምዝሰርሕ ብምጥቃስ፡ ሱፐርቫይዘራት ዕቱብ ምክትታል ክገብሩን ተግባራውነቱ ተረጋጊጹ ወጽኢቱ ክዕዘዝን ኣተሓሳሲቡ።

# ባጽዕ - ብቕዓትን ደረጃን ትምህርቲ ንምብራኽ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ከለንትናዊ ብቕዓትን ደረጃን ትምህርቲ ብሓፈሻ ናይ ማእከላይ ደረጃ ከኣ ብፍላይ ንምብራኽ ሓበሬታዊ ጻዕሪ ከምዝድለ፡ ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ንምምዝጋብ፡ ብ12 ጥቅምቲ ኣብ ዝተቓነዐ ኣኼባ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ርእሰ-መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ኣመሓደርትን ወለድን ዝተሳተፍዎ ኣኼብ ሓላፊ ትምህርቲ መምህር እስማኤል ሳልሕ፡ ብቕዓትን ደረጃን ተመሃሮ ክብ ንምባል፡ መምህራን ምስ ኣመሓደርትን ዓበይቲ ዓድን ተወሃሂዶም ዕቱብ ጻዕሪ የካይዱ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ርእሰ-መምህራን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ብቕዓትን ወጽኢትን ተመሃሮ በዝከብከበ ብዙሕ ምኽንያታት ከምዝተሓለለ ብምሕባር፡ ብኩራት ኣብ ተመሃሮን መምህራንን፡ ልሕሉሕ ምክትታል ወለዲ፡ ከምኡ'ውን ሽለልተኛት ተመሃሮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቂ ትሑት ወጽኢት ከምዝኾኑ ገሊጾም።

ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ሓላፊ ኣሃዱ መሰረታዊ ትምህርቲ መምህር ዓሊ ኣሕመድ ብወገኑ፡ ጽፈትን ብቕዓትን ትምህርቲ ንምሕያል ዝግበር ጻዕሪ ንኣብያተ-ትምህርትን መምህራንን ጥራይ ዝገድፍ ስለዘይኮነ፡ ተራን ኣበርክቶን መላእ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ወለድን ኣመሓደርትን ድማ ብፍላይ ወሳኒ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ዓሚቕ ክትዕ ድሕሪ ምክያድ፡ እርጋን ኣብያተ-ትምህርትን ሕጽረት መምሃሪ መጽሓፍትን ካብ'ቶም ንኣካዳሚያዊ ንጥፈታት ብኣሉታ ዝጸልዉ ዘለዉ ስለዝኾኑ፡ ቁልሕታ ክወሃቦም ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃይለ ኣስፍሃ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ዝተገምገመ ዘሎ ብልሒታትን ድኻማትን ብምልላይ ቅልጡፍ ፍታሕ ንምንዳይ ዝደርኽ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ተራን ኣበርክቶን ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ብኻልእ ወገን ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ተኣታትዩ ምስ ዘሎ ሓድሽ ኣገባብ ምዘና ተመሃሮ ዝላለ ርክብ፡ ብ10 ጥቅምቲ ምስ ሱፐርቫይዘራት፡ ርእሰ መምህራንን ኣመሓደርትን ከምዝተኻየደ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

# ከረን - ብኣሰራርሓ መግቢ ዝሰልጠኑ መንእሰያት ተመረቕም

ኣብ ከተማ ከረን፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብኣሰራርሓ ባህላውን ዘመናውን መግቢ ክሰልጥኑ ዝጸንሑ 40 መንእሰያት፡ ብ10 ጥቅምቲ ተመሪቖም።

ኣብ'ቲ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን መንእሰይ ምስየፍ ተስፋዝጊ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ሃማመተኤ ንመንእሰያት ሞያ ንምዕጣቕ ዘካይዶ መደባት ምዃኑ ብምሕባር፡ ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነትን ዕቱብነትን ኣማስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ተመረቕቲ ዝዓለውዎ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግቢ ምስ ተሳተፍቲ ኣላልዮም።




## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# "ዓወትና፡ ክብርን ሓበንን . . ."

ካብ 8ይ ገጽ ዝቐጸለ



ተማ. ፋሂማ ምስ ወላዲታ

ተማሃሪት ሲና ማቴዎስ 94.8% ኣምጺኣ ማዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተዓደለት'ያ። ንሳ ነዚ ዓወት ክትበጽሖ ዝኸኣለት፡ ዘየቋርጽ ሓገዝን ምትብባዕን ወለዳን ምኽሪ መምህራናን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ርእሲ'ቲ ዝገበረቶ ውልቃዊ ጻዕራን መጽናዕታን፡ ሓገዝ ኣሕዋታ ስለ ዘይተፈልያ ምዃኑ ገሊጻትልና። ቤት ትምህርታ'ውን ዝገበረሉ ምትብባዕ ሞራልን ሓገዝን ስለ ዘፈጠረሉ፡ ኣብ ቀጻሊ፡ ኣብርቲዖም ክጽንዑ ከም ዝሕግዞም ኣረዲኣ።

ወላዲታ ወ/ሮ የርዳኖስ ኢያብ ብወገኖ፡ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ኑዩም ኣብ ጀነራል ለይትን ቀትርን ጽዒሮምን መጻሕፍቲ ገኺሎምን ልዑል ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮኡ ከምዚ ጌይሩ ከተባብዖም ምርኣያ ፍሉይ ሓጎስ ከም ዝተሰምዓ ብምግላጽ፡ ሲና ጓል'ውን ነዚ ዓወትን ሽልማትን ምብቃዓ ኩርዓት ከም ዝፈጠረላ ትሕብር። ከም ወለዲ ማጠን ኣብ ርእሲ'ቲ ንሲና ዘለዋ ልዑል ድሌት ትምህርትን መንፍዓትን ንኣቶም'ውን ኣብ ጎድና ብምዃን ዘድልያ መጻሕፍቲ፡ ናይ ሓገዝ ወረቓቕትን ናይ ሓገዝ ትምህርትን እናቐረቡ፡ ክትንፍዕን ክትዕወትን ከም ዘደንፍዑዋ ትገልጽ።



ተማ. ሲና ምስ ስድራቤታ

ተማሃሪት ዲምያና ክብሮም'ውን 92% ኣምጺኣ ማዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተዓደለት'ያ። ተማሃሪት ዲምያና፡ ኣብ መጽናዕታ ክይተጨነቐት ንኹሉ ብመደብ ተጸንዩ ከም ዝበረኸ፡ ኣብ'ቲ ሓገዝ ዘድልያ ድማ ንወለዳን መምህራናን ትሓትት ምንባራ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ዓወት ንኽትበጽሕ ንዘደገፉዋ ወለዳን መምህራናን ኣማስጊና። ሽልማት ሂቡ ንዘተባብዖም ቤት ትምህርቶምን ኮሚቴ ወለድን'ውን ኣማስጊና።

ወላዲኣ ኣቶ ክብሮም ምስየፍ ብወገኑ፡ ከም ወላዲ ዘድልያ እናቐረብና ሞራል እናሃብና ይከታተላ'ኳ እንተ ነበረ፡ የግዳ ብስራሕ ስለ ዝንቀሳቐስ፡ ውልቃዊ ጻዕራን ናይ ኣዲኣ ምሉእ ደገፍን ሞራልን ኣብ'ዚ ዓወት ክትበጽሕ ከም ዘደረኻ ይሕብር።



ተማሃሪት ሊድያ ሃይለ

ምስኡ'ውን ኣበርክቶ መምህራና ዓቢ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነዚ ፍናን ዝፈጥር ሽልማት ንዝዓደሉዎም ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ኣማስጊኑ።

ተማሃሪት ሊድያ ሃይሉ 93.2% ኣምጺኣ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተዓደለት'ያ። ተማሃሪት ሊድያ፡ ብጻዕራ፡ ምትብባዕን ምኽትታልን ወለዳ፡ ሓገዝ መምህራናን ነዚ ዓወት ክትበጽሕ ከም ዘኽኣላ ትሕብር። "ከምዚ ዓይነት ዓወት ዝጸዓረ ተማሃራይ ጥራይ'ዩ ክረኽቦ ዝኽእል" ብምባል ከኣ፡ ነዚ ሽልማት ምብቃዓ ፍሉይ ሞራልን ሓጎስን ከም ዝፈጠረላ ትገልጽ።

# መዘክር ሓበሬታ፡ ኣብ ዝምድናታት ኤርትራን ኢትዮጵያን

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንቻርተር ሕቡራት ሃገራት ከምኡ’ውን ነቲ ኣብ 2018 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኸተመ ስምምዕ ምሕዛኻት ብምጥሓስ፡ “ምርኻብ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ብልዝብ፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ብሓይሊ” ዝብል ዘይምኽኑይ ኣጀንዳ ውግእ ኣልዒሉ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብቀጻልን ብጻዕቂን ተኸታተልቲ ተጻብኦ ዘመተ ከካይድ ጸኒሑ ኣሎ። ናይ ወራርን ዘይምርግጋእን ዕላማታት ኢትዮጵያ፡ እንተላይ ምስረታ ሓይሊ ባሕሪ ምስ ውሑስ ስትራተጂያዊ ዕምቈት ኣብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዘጠቓልል እዩ።

እዚን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ተግባራትን፡ ነቲ ምፍርራሕ ኮነ ሓይሊ ምጥቃም ዝኽልክል ዓንቀጽ 2(4) ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕሰን ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝህሰን እዩ።

**ድሕሪ ባይታን ናይ ቀረባ ምዕባለታትን ዘመተ ኣፍደገ ባሕሪ ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት**

- ኣብ ሓምለ 2023 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቢይ ኣሕመድ፡ ንኣባላት ቤት ምኽሪ ፈደረሽንን ወተሃደራውያን ሓለፍቲን ኣብ ዝሃቦ ዕጹው ኣኼባ (ጸኒሑ ናብ ህዝቢ ዝተፈነወ) ሃገሩ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ባህርያዊ እጀታ ከምዘለዋ፡ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ህላወ ጉዳይ ስለዝኾነ ድማ፡ ነዚ ዘይምቕባል ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ዘምርሕ ምኻኑ ገሊጹሎም።

- ነዚ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማ፡ ፕረዚደንት ክልል ኦሮምያ ብ7 ጥቕምቲ፡ ከምኡ’ውን ላዕለዎት ኣምባሳደራት፡ ባህላዊ በዓል ኦሮሞ ‘ኢሬቻ’ “ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ከነበዕሎ ኢና” እናበሉ ከረስዑዎ እንከለዉ፡ ወተሃደራዊ ጀነራላት እውን ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ዝጸንበረ ካርታ ሒዞም፡ ብቓልዕ ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ከቕርቡ ተራእዮም።

- ብ13 ጥቕምቲ 2023፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ፡ ኢትዮጵያ ናይ ጂኦግራፍ እስርቲ ኮይና ክምዘይትተርፍ፡ “ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ብዝኾነ መገዲ” ክትረክብ ከም ዘድልያ ብወግዒ ገሊጹ።

- ብ2 ለካቲት 2026 እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ንወከልቲ ህዝቢ፡ እስራኤል ብዘይ ሕጋዊ መገዲ ኣኽራናት ጎላን ምጕባጣ ከም ኣብነት ብምቕራብ፡ ወደብ ዓሰብ ብሓይሊ ንምቁጻጽ ዘሎ ድሌት ኣግሂዱዎ።

- ብ15 ለካቲት 2025 ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተኻየደሉ (ርኹብ ፈጻሚ ቤት ምኽሪ) ሕግታት ዓለምን ኣህጉርን ብዝጥሓሰ መገዲ፡ ብድሕሪ ፕረዚደንት ኢትዮጵያ መደረ ዘሰምዓሉ ዝነበረ መድረኽ፡ ደይ መደይ ኢልካ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራን ሶማልያን እንተላይ ወደብ ዓሰብ ዘጠቓልል ካርታ ከም ዝርአ ተገይሩ።

- ብ2 መስከረም 2025 ሜጀር ጀነራል ተሾመ ገመቹ፡ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያ ሓላፊ ዝምድናታት ወጻኢ፡ “ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ይብጽሓ እዩ። ብዝኾነ ዋጋ ክንመልሶ ኢና! ዓሰብ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኢትዮጵያ እያ” ክብል ገሊጹ።

- ነቲ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ብምዕራግ፡ ብ28 ጥቕምቲ 2025፡ ቀዳማይ ሚኒስተር “ኤርትራ ናጻ ዝወጸትሉ መገዲ ዘረጋግጽ ሰነዳት ኣይረኸብናን” ኢሉ ብወግዒ ምስ ተዛረበ፡ ማዕከናት ዜና ብልጽግና፡ ዜጋታት ነቲ ኤርትራ ኣብ 1993 ዘረጋገጸቶ ልኡላውነት ከም “ታሪኻዊ ጌጋ” ክሓስቡዎን ክስረዝ ኣለዎ ንክብሉን ክንሳጉሳ ተሰሚዖን።

- ብ3 ሕዳር 2025፡ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ኬንያ ዝነበረ፡ ጥሮተኛ ጀነራል ባጫ ደበሌ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ‘ዓሰብ ናይ ኢትዮጵያ ንብረት እያ፣ ከምቲ ብሓይሊ ዝተወሰደቶ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክትምለስ ኣለዋ’ ክብል ገሊጹ።

- ብ22 ለካቲት 2026 ኣብ መመረቕታ ፍሉያት ሓይልታት፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ፡ ንተልእኾ ሓይልታት ምክልኻል ናይታ ሃገር “ምዕቃብን ምርግጋጽን ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ጫፍ ሶማልያ ክሳብ ምጽዋዕ” ክብል ገሊጹዎ።

- ብ21 መስከረም 2026፡ ኣባል ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ፡ ናይ ኢትዮጵያ ጠለብ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ከምዘይኮነ ብምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣህጉራዊ ጸቕጢ ክግበር ጸዊዑ።

- ብ12 ጥቕምቲ 2026፡ ለንጮ ባቲ ዝተባህለ ዳይረክተር ጀነራል ዲያስፖራ ኢትዮጵያ፡ “ኣብ ምድረበዳ ትግራይ ከቢድ ጻዕሪ ዘሕለፈ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጫማኡ ኣውጺኡ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ከይተሓጸበ ደው ዝብል ኣይኮነን” ክብል ተዛሪቡ።

- ብ11 ጥቕምቲ 2026፡ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኢትዮጵያ ጀነራል ይልማ መርደሳ፡ ቀንዲ ዕላማኦም ኣፍደገ ባሕሪ ምርኻብ ብፍላይ ድማ ናይ ኤርትራ ወደብ ዓሰብ ምጕባጥ ምኻኑ ገሊጹ።

**ስምምዕ ፕሪቶርያን ፖለቲካውን ጸጥታውን ብድሆታት ኢትዮጵያን**

ብመርገጺ ኤርትራ እቲ ብ2 ሕዳር 2022 ኣብ መንጎ ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ እዩ። ኤርትራ ኣካል ናይቲ ስምምዕ ኣይነበረትን፡ ኣብ ትግባረኡ እውን ዝኾነ ግደ ኣይነበራን።

**ደገፍ ናብ ኤርትራ ዒላማ ዝገበሩ ዕጡቓት ሓይልታት**

መንግስቲ ኤርትራ፡ መሬት ኢትዮጵያ ንኤርትራ ዝጻብኡ ተቓወምቲ የኣንግድ ምህላዉን ቅቡል ከምዘይኮነን ክገልጽ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ መንጎ’ዞም ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ዝተዓቕቡ ተጻባእቲ ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ (RSADO) ዝተባህለ እንታይነቱ ብማእከል መጽናዕቲን ትንታነን ግብረ ሽበራ (TRAC) ዝተመዝገበ፡ ኣንጻር ኤርትራ ዕጥቃዊ ንጥፈታት ዘካይድ ጉጅለ ይርከቦም። ብዘይካ’ዚ ኢትዮጵያ ቡብዓይነቶም ጉጅለታት ሕቡራዊ ሰውራ፡ ገሊኦም ብኣኽብሮ ሕጊ ፈደራል መንግስቲ ጀርመን ግብረሽበራውያን ዝተባህሉ ኣዕቍባ ትርኩብ። ኢትዮጵያ ብዘይካ’ዚ ካልእ ኣንጻር ኤርትራ ዝቖመ ጉጅለ ኣብ ግዝኣታ ብምዕቋብ ኩሉ ዓይነት ሎጂስቲካዊ ደገፍ ትገብረሉ ምህላዋ ኤርትራ ከተረጋግጽ ክኢላ እያ።

**ምሕርፋፍ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን**

ምሕሽኻር ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሕቍፊ’ቲ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ጠለብ ኢትዮጵያ ንልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ኣናዓዘየ ክመጽእ ዝጸንሐ ወጥሪ ኣአቲካ ዝርአ እዩ። ብኣመለኻኽታ ኤርትራ፡ እቲ ጉዳይ ንቡር ክልተኣዊ ዝምድናን ርክባትን እናተዳኸመ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ ዝኸተሎ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ቀደም ተኸቲሉ ፍጻመታት ምብራህ ኣገዳሲ እዩ፡

- ካብ ግንቦት 2026 ጀሚሩ - ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ፡ ዲፕሎማስያዊ መስመራት ብምዕጻው፡ ምስ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ወግዓዊ ርክባትን ጸምዶን ኣቋሪጹ።

- 8 ነሓሰ 2026 - መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰዓት 5:00 ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኤምባሲኡ ራሕሪሑዎ፣ ኣብኡ ተረፎም ዝነበሩ 4 ኣባላት ዲፕሎማሲያዊ ስታፍ ኢትዮጵያ ድማ፡ ብሰላሕታ ብመገዲ ‘ታርኮ ኣየርወይስ’ ካብ ኤርትራ ወጺኦም። እዚ ደይመደይ ኢልካ ንሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ከየፍለጥካ ዝተወሰደ ስጉምቲ ንውዕል ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናታት ቪየና ዝጥሕስ እዩ።

- 1 ጥቕምቲ 2026 - መንግስቲ ኢትዮጵያ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ኣስመራ ክዓጽዎ ምኻኑ ብ1 ጥቕምቲ 2026 ድሕሪ ምግላጹ፡ ንዓሰርተ ኤርትራውያን ዲፕሎማሰኛታት ካብ ሃገሩ ሰጒጉ። ካብቶም ዝተሰጐጉ፡ ቀዳማይ ጸሓፊ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያን ሕብረት ኣፍሪቃን (AU) ከምኡ’ውን ኣብ ቁጠባዊ ኮምሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን (UNECA) ይርከቦም። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ኣብ ቁጠባዊ ኮምሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃን ዝጦፉ ካልኦት ሰለስተ ዲፕሎማሰኛታት እውን ይርከቡዎም። እዚ ተግባር’ዚ ነቲ ኣብ 2000 ንሕብረት ኣፍሪቃ ዘቖመ መትከላት፣ ናይ 1965 ሓፈሻዊ ውዕል ጽላልን ሓለፋታትን ዲፕሎማሰኛታት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ከምኡ’ውን ናይ 2008 ስምምዕ ኢትዮጵያን ሕብረት ኣፍሪቃን ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ናይ 1958 ስምምዕ ምቛም ቤት ጽሕፈት፡ ቁጠባዊ ኮምሽን ሕቡራት ሃገራት ንኣፍሪቃ ዝግህስ እዩ።

ናይ ኢትዮጵያ ዘንቀደ ተጻብኦ ኣንጻር ኤርትራ ሓደ ንጹል ፍጻመ ኣይኮነን። ኣካል ናይቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይርግጋእ ዝፈጥር ዘሎ ናይ ምስፍሕፋሕ ዛዕባታት ምኻኑ በዚ ዝስዕብ ክበርህ ይኽእል፡

- ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዞባ ቤንሻንጉል ጉምዝ ብምስጢር ዝተደኰኑ መሲጋገርን መዋፈርን ኣጽዋራት፡ ድሮናትን ዕሱባትን ዝኾነ መደበር ብምኽፋት፡ ንሓይልታት ቅልጡፍ ወሃብ ደገፍ (RSF) ወተሃደራውን ሎጂስቲካውን ደገፋት እናሃበት ኣብ ሱዳን ንዘተወልዐ ኣዝዩ ኣዕናዊ ኩናት ሓድሕድ ከተጉህሮ ጸኒሓ ኣላ።

- መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምወላ ናይቶም ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘይምርግጋእ ዝፈጥሩ ዘለዉ ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ዝኢፍ ሽሙት ኣጽዋር ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

**ባይቶ ጸጥታ**

ኤርትራ ብ9 ጥቕምቲ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝለኣኸቶ ደብዳቤ፡ ባይቶ ጸጥታ፡ ነቲ ኣብ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡ’ውን ኣብ ሰላምን ምርግጋእን መላእ ዞባና ዝኢፍ ዕንወት ከኸትል ዝኽእል ዘይምኽኑይ ኣዋጅ ኩናት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክኹንኖን ብመሰረት ምዕራፍ 7 ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ገታኢ ስጉምቲታት ክወስድን ጸዊዓ።

ኤርትራ ብተወሳኺ፡ ባይቶ ጸጥታ ኢትዮጵያ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ከተኽብርን ንናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝጻረር ዘመተን ተግባራትን ካብ ምኪያድ ከም እትቕጠብ ክገብር ጸዊዓ ኣላ።

**መደምደምታ**

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጭብጥታት መሰረት ዝገበረ ዝኾነ ክርክር የለን። እቲ ዘየድሊ ወጥሪ ዝፈጠረ ዘይምኽኑይን እዉጅን ፖሊሲ ወራር ኢትዮጵያ ጥራይ እዩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10፡15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11፡45 | ደርፌ |
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | መደብ ቆላሕታ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መደብ ቡያ |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ዕላል ጥበባት |
| 14፡20 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14፡50 | ጨፈራ ጥዕና |
| 15፡30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፌ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ናትራን |
| 20፡00 | ዜና ትግሬ |
| 20፡15 | ፊልም ገጽታ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፈንቅል |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | መደብ ጥበብ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23፡00 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጉስ

## ትካል ከም ማሕበረ-ቁጠባዊት ኣሃዱ

ትካል፡ ንጹር ዕላማን ሸቶን ብምንቃልን ንዕኡ ንምፍጻምን ብዘወሰነ ውልቀሰብ፡ ብዘተወደበ ሰባት፡ ብመንግስቲ ወይ'ውን ብኣካላት መንግስቲ ከም ትቐውም ኣሃዱ ምግላጽ ይከኣል። ኣብ ከበቢና ድማ ብመንጽር ዝቖሙሉ ዕላማ ዝፈላለየ ሓያለይ ትካላት ኣለዋ። ፋብሪካታት፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ህዝባውያን ማሕበራት፡ ናይ ስፖርት ጋንታታት፡ መንግስታውያን ኣካላት ገለ ካብ ዝጥቀሳ ትካላት ወይ'ውን ኣካል ናይ ትካላት እየን። ኣብ ህይወትና ይኹን መዓልታዊ ናብራና ድማ እንተስ ከም ሰራሕተኛ፡ እንተስ ከም ዓሚል ወይ'ውን ከም ጉዳማውያን መሻርኽቲ ምስ ገለ ካብዘን ትካላት ካብ ምውሳእ ኣይንእክርን ኢና። ትካላት ሕጋዊ ሰብነት ዘለወን ኣሃዱታት ኮይነን ኣብ ኣቃውማአንን ኣወዳድባአንን ግና ፍልልይ ኣለወን። ገለአን ህዝባውያን ወይ መንግስታውያን ትካላት ክኾና እንከለዋ ገለአን ከኣ ብሕታውያን ትካላት እየን። ገለአን መኽሰብ ንምኽሳብ ዝሰርሓ ወይ ዝቖማ ክኾና እንከለዋ ገለአን ግና መኽሰብ ንምኽሳብ ዘይተኻሰ ንዝተፈልየ ህዝባዊ ዕላማ ዝቖማ እየን። ትካላት፡ ብመንጽር ዕብየተን ይኹን ጃኦግራፍያዊ ዝርገሐአን'ውን ይፈላለያ እየን።

ትካላት፡ እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ፍልልያት ዋላ ይሃልወን ኣብ ኩለን ዝርከቡ ዘመሳስለን ረቛሒታት ምህላዉ ምፍላጥ'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ኩለን ትካላት ካብ ዝርአ ገለ መለለዪታት ድማ እዚ ዝስዕብ እዩ፡

ዕላማ፡ ዝኾነት ትካል ብዘይ ምኽንያት ኣይትቐውምን'ያ። መሰረት ናይ ሓንቲ ትካል ዕላማኣ'ዩ። ዕላማ፡ እታ ትካል ስለምንታይ ከም ዝተተኽለት ዘመልክት፡ ምኽንያት ወይ ትርጉም ህላወኣ ዝገልጽ ናይ ነዊሕ እዋን ሸቶ'ዩ። ፋይዳ ናይ ምህላዋ ድማ ብዕላማኣ ይንጸር። ገለ ትካላት፡ ነቲ ዝቖማሉ ዕላማ ተልእኾአን ራእየን ኣብ ዝገልጽ ምሉእ ሓሳባት እየን ዘጽርኦ። እቲ ኣልካ እቲ ድማ ዕላማ ኣብ ኩለን ትካላት ዝርከብ ናይ ሓባር መለለዪ እዩ።

ስትራተጂ፡ ትካላት ዕላማአን ንምዕዋትን ሸቶታተን ንምጭባጥን ዘኽእለን ስትራተጂያዊ ውጥን የዳልዋ እየን። ስትራተጂ ድማ ኑቲ ከሰላስልአ ዝደልያ ዕላማን ክጭብጥኦ ዝሓስባ ሸቶታትን ብኸመይ ይፍጽማአ ዘመልክት ውጥን እዩ።

ቅርጺ፡ መብዝሕትአን ትካላት ሓፈሻዊ ዕማማት፡ ጾብጺብ ዝግበረሉ ዝምድናታት (መን ንመን ይምልስ) ከምኡ'ውን ናይ ምውሳን ስልጣን (መን እንታይ ይውሰን) ዘመልክት ስሩዕ ቅርጺ ኣለወን። ገለ ትካላት፡ ንትኽል ዝተልተሉ ኣብ መሳልል ዘድሃቡ ንጹር ሓላፍነታትን




ምእኩል ውሳነ ዝፍጽመሉ ቅርጺ ኣለወን። ናይ ገለአን ትካላዊ ቅርጺ ድማ ንጋድም ሰፊሕ ዝበለ ኮይኑ ውሳኔታት ዘየማእክልን ጠቢ ዝምልከቶ ንኽወሰን ዝፈቅድን እዩ። ብኣጠቓላሊ፡ ዓይነቱ ብዘየገድስ ትካላት ዕማማት ዝውድባሉ፡ ሓበሬታ ዘመሓላልፍሉን ውሳነ ዝወሰናሉን ቅርጺ ኣለወን።

መስርሓትን ኣገባባትን፡ ትካላት ሸቶታተን ምእንቲ ክጭብጣ ንጥፈታተን ዝፍጽማሉ ስሩዕ ኣካይዳ ኣለወን። ገለአን ብደረጃ ፖሊሲን ስጉምቲ ጉዳያት መምርሒታትን ዝግለጽ ወግዓዊ መስርሓትን ኣገባባትን ኣለወን። ገለአን ከኣ ኣብ ጽሑፍ ዘይሰፈረ ግና ከም ልምዲ ቅቡል ዝኾነ መስርሓትን ኣገባባትን ዘለወን እየን።

ጺጋ ፍልጠት፡ ትካላት ሸቶታተን ንምፍጻም ዘኽእለን ፍልጠትን ክእለትን የማዕብላ እየን። ኣብ ፈለማ እቲ ፍልጠትን ክእለትን ብኣባላት ናይተን ትካላት ዝምዕብል'ኳ እንተኾነ ኣብ ነዊሕ እዋን ግና ናይታ ትካል ጺጋ እዩ ዝኸውን።

ንዋታዊ ጺጋ፡ ትካላት ከም ህንጻን መሳርሒታትን ዝኣመሰለ ትሕተ-ቅርጺ፡ ከም ጥረ-ነገራትን ክዙናት ኣቕሓን ዝበሉ ምስ ናይ ምፍራይ መስርሕ ዝዛመዱ ከም እታው ዘገልግሉን ከም ወጻኢት ዝግለጹን ንዋት ኣለወን።

ፋይናንሳዊ ጺጋ፡ ትካላት ንጥፈታተን ንምፍጻምን ዕማማተን ንምስልሳልን ዘኽእለን ፋይናንሳዊ ጺጋ ክህልወን ግድን እዩ። ሸቶአን ብግቡእ ክፍጽማ እንተኾይነን ድማ እኹል ፋይናንሳዊ ጺጋ ክህልወን ኣለዎ።

ጺጋ ሰብ፡ ኣብ ትካላት ካብ ዝርከብ ጺጋ፡ ኣገዳሲን ወሳኒን ምኳኑ ዝፍለጥ ጺጋ ናይ ሰብ ጺጋ'ዩ። ኣብ ትካላት ንዝሎ ዕዮ ዝመሓድርን ዝፍጽምን ድማ እቲ ዘለወን ጺጋ ሰብ'ዩ። እዚ ዕማምን ተግባርን ምሉእ ብምሉእ ብስብሰርሖ ብልሂ፡ ሮቦት፡ ኣውቶማቲካዊ ኣገባብ ይኹን ካልእ ብልሓታት ክትካእ ክሰዕ ዘይተኻእለ ድማ ኣገዳስነት ጺጋ ሰብ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ኣይኮነን።

ትካላዊ ባህሊ፡ ኣፍሲወከፍ ትካል፡ ውሳነ ከመይ ይውሰን ከምኡ'ውን ኣባላት ንሓድሕዶም ከመይ ይዋሰኡ ኣብ ዝብሉን ካልእ ጉዳያትን ዘተኩር ብኣባላታ ዝማዕበለ ናይ ገዛእርእሳ ባህሊ ኣለዋ። እዚ ባህሊ ድማ ውሳኔታት፡ መስርሓትን ዝምድናታትን ንዘማእዝኑ ክብርታት'ውን ዘጠቓልል'ዩ። ትካላዊ ባህሊ፡ ኣባላት ሓንቲ ትካል ኣብታ ትካል ንዝቶየድ ጉዳያት ከመይ የሰላስልዎ ዘመልክት'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኣባላት ንዘራድድኡሉ ሓባራዊ ቋንቋን ወስጠዘ፡ ልምድን ወግዕ ከም ኣከዳድና ንዘኣመሰሉ ነገራውያን ወይ ተራኣይቲ ምልክታት'ውን ዘጠቓልል'ዩ።

እዘን ዝተጠቕሳ መለለዪታት ንሓንቲ ትካል ከም ዘቐውማ ኣዕኑድ'ውን ይረኣያ እየን። እዘን ኣዕኑድ፡ ከም ዝተኣጸጸላ ወይ'ውን ንሓድሕደን ዘራኸባ ከም ዘይብለን ቆፎታት ዝግለጻ ዘይኮነስ ዝደራረኻ ዝመላልኣን ምኳነን ምግንዛብ ከኣ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት፡ ትካላዊ ዕላማ እታ ትካል ክትክተሎ ዝለዋ ስትራተጂ የማእዝን፡ እቲ ስትራተጂ ከኣ ክምዕበል ዝለዎ ፍልጠትን ክእለትን ክውሰን ከምኡ'ውን ክህንደስ ዝለዎ ቅርጽን መስርሓትን ይጸልዉ። ትካላዊ ባህሊ፡ ኣብ ሓደ ትካል ዕብየት ክረኽቡ ዘለዎም ዓይነት ሰባትን ኣባላት ንሓድሕዶም ከመይ ይዋሰኡን ክውሰን ይኽእል። እዚ ከኣ እዘን ኣዕኑድ ተመላላእቲ ምኳነን ጥራይ ዘይኮነ ዘመልክት፡ ኣብ ሓንቲ ዓንዲ ዘጋጥም ብልሽት ንታ ትካል ብምልእታ ዝጸሉ ምኳኑ ዘመልክት'ዩ።

ስለዚ፡ ትካል ከም ሓንቲ ወህዳ ግን ከኣ ዝተፈላለየ ኣካላትን ስርዓታትን ዘለዋ ተኻኢሉ ወይ ሰብ ክትርአ የድሊ። እቲ መስርሓት ከኣ ኣብ ተኻሊ ወይ'ውን ኣብ ሰብ ከምዝሎ ስርዓት-ምስትንፋስ፡ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ ወዘተ. ክርአ ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ትካል ብውሽጣዊ ረቛሒታት ጥራይ ዘይተኾት ኣብ ከበቢአ ብዘሎ ረቛሒታት'ውን ከም ትጽሎን ተመርኳሲት ከምዝለዋን ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። እዚ'ውን ከምቲ ኩነታት ኣየር፡ ቦታን ካልእን ንተኻሊ ይኹን ደቂሱብ ዝጸሉ'ዩ። እዚ ከኣ ዝኾነት ትካል ካብ ከዉንነት ርሒቃ ኣብ ባዶሽ ከምዘይትነብር ዘመልክት'ዩ። ስለዚ፡ ሓንቲ ትካል ኣድማዒት ትኸውን ስሙርን ወህድን ውሽጣዊ ቀመና ከምኡ'ውን ኣብ ከበቢኣ ንዘፍጥር ኩነት ብግቡእ ናይ ምምላሽ ብቕዓት ምስ ዝህልዋ'ዩ።

### ትካላት ዋኒን

ናይ ዋኒን ትካላት ነዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መለለዪታት ወይ'ውን ትካላዊ ኣዕኑድ ካብ ዝሓቖፉ ትካላት እየን። ካብ ካልእ ዓይነት ትካል ዝፈልየን ቀንዲ ረቛሒ ከኣ እቲ ከም ትካል ዝቖማሉ ዕላማ'ዩ። ናይ ዋኒን ትካላት ንኽምስረታ ዝድርኸን ቀንዲ ረቛሒ፡ መኽሰብ ምኽዕባት'ዩ። መኽሰብ ንምኽዕባት ዝምስረታ ናይ ዋኒን ትካላት ድማ ግድን ብሕታውያን ክኾና ኣለወን ማለት ኣይኮነን። እተን ትካላት ብመንግስቲ ዝውነና ወይ'ውን ህዝባዊ ዋንነት ዘለወን ክኾና ይኽእላ'የን።

ትካላት፡ ዓይነት ዋንነተን ብዘየገድስ ኑቲ መኽሰብ ናይ ምኽዕባት ዕላማአን ዝተፈላለየ ፍርያት ማለት ኣቕሓ ይኹን ኣገልግሎት ወይ'ውን ክልቲኡ ብምቕራብ ከሰላስልኦ ይህቅና። ሃገራዊ ሃብቲ ዝፍጥርን ዝኸዕብትን ድማ ኣብታ ሃገር ዘለዋ ናይ ዋኒን ትካላት መኽሰብ ምስ ዘኻዕብታ'ዩ። እንተኾነ መኽሰብ ንምኽዕባት ኣብ ዘካይድኦ ዋኒናዊ ንጥፈት፡ “መኽሰብ ጥራይ ይረኸብ እምበር ብድሕሪይ ዋላ ሳዕሪ ኣይተብቆላ ወይ'ውን ዝተኸፍለ ይከፈል ብዘየገድስ” ብዝብል መንፈስ ክኸውን ከምዘይግባእ ምግንዛብ ወሳኒ'ዩ። ስለዚ፡ ረብሓን ድሕነትን ናይቲ መኽሰብ ኣብ ምፍጣር ልዑል ግደ ዘለዎ ጺጋ ሰብ ኣብ ምውሓስ ይኹን ካልእ ሓላፍነታት ኣብ ግምት ዘእትዋን ዘማልኣን ክኾና ኣለወን። ዋኒናት፡ ብዝዕባ ቅሑዕን ዘይቅሑዕን ኣሰራርሓ ንግዲ ግቡእ ኣፍልጦን መረዳእታ ዘለወንን ዘተግብርአን ክኾና ኣለወን። ንኣብነት፡ ኣብ ኤርትራ ዋኒናዊ ንጥፈት ዘካይዳ ትካላት ንዘይቅሑዕ ኣሰራርሓ ንግዲ ዝምልከት ሓበሬታን መረዳእታን ንምርካብ ንሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 132/2024 ናይ ኣዋጅ 125/2002 ክወከሳን ክተግብራን ይግባእ። ብኣጠቓላሊ፡ ትግባረ ናይ ርትዓውን ቅሑዕን ዋኒናዊ ዕማም ኣብ ርድየትን ዋንታን ትካላት ዋኒን ጥራይ ዝምርኮሰ ዘይኮነስ ኣካላት መንግስቲ ብዕቱብ ክዓያሉን ክከታተልኣን ዝግብኦ'ዩ።

### ዓይነታት ትካላት ዋኒን

ትካላት ዋኒን ተመሳሳሊ ዕላማ ዋላ እንተሃለወን ንሓድሕደን ዝፈላልያሉ ረቛሒታት'ውን ኣለወን። ወናኒአን መን ምኳኑ፡ ብዘለሐ. ወሃንተን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ወሃንተን ብዝተገብረ ስምምዕ ወይ'ውን ዝኣቶ ውዕል ገለ ካብቲ ንዓይነተን ዝወሰነ ረቛሒታት'ዩ። በዚ መንጽር፡ እዘን ዝስዕባ ዓይነት ትካላት ዋኒን ካብተን ዝጥቀሳ እየን።

ብውልቀሰብ ዝውሃን ናይ ዋኒን ትካል፡ - እዚ ዓይነት ትካል ምሉእ ብምሉእ ብሓደ ሰብ ዝውሃን ማለት ተወሰኽቲ ሱቡብርኪ ዘይብሉ ዋኒን'ዩ። እቲ ውልቀሰብ ኑቲ ዋኒን ዘድሊ ርእሰማል ባዕሉ ይቕርብ፡ ኑቲ ዋኒን ባዕሉ የመሓድር፡ ካብኡ ዝርከብ መኽሰብ ይኹን ብእኡ ዝስዕብ ክሳራ ድማ ንውልቁ ይኸውን። ንኣብነት፡ እቲ ብዓል ዋኒን ክሳራ ምስ ዘጋጥሞ ንእሱ ብዘውንኖ ካልእ ውልቃዊ ንብረት ይደቓቕሶ። ዕድመ ናይዚ ዓይነት ዋኒን ንዘይተወሰነ እዋን ኮይኑ ኣብቲ ውልቀሰብ ይምርኮስ። ከም ቀንዲ ብልጫኡ ዝርአ ቅልጡፍ ውሳነ ዘውሰዶን ትሑት ርእሰማል ዝጠልብን ምኳኑ'ዩ። ከም ኣብኡ ዝገለጽ ድማ ቀጻልነቱ ኣብቲ ውልቀሰብ ዝምርኮስን ክሲ ተሓታትነቱ ዝተወሰነ ዘይምኳኑ'ዩ። እዚ ዓይነት ዋኒን እቲ ኣዝዩ ልሙድን ነዊሕ ዕድመ ዘቑጸረን ምኳኑ ከኣ ይፍለጥ። ደኳኑ መስተ-ሻኽሊ. ጸጉሪ ርእሲ፡ ቤት ስፊት ክኣን ከጥቀሳ ካብ ዝኽእላ ገለ ኣብነታት እየን።

ብሸርክነት ዝቖውም ናይ ዋኒን ትካል፡ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰባት ወይ ትካላት ብሓባር ዝተወሰነ ቁጠባዊ ንጥፈታት ንምክያድ ዝኣትውዎ ውዕል ወይ ስምምዕ ዝምልከት ኮይኑ ተኻፈልቲ ናይቲ ዝርከብ መኽሰብን ክሳራን ድማ ይኾኑ። ዝኾነ ሸርክነት ድማ መሻርኽቲ ኣካላት ዝተሰማምዕሉ ናይ ምርድዳእ መዝከር ብምድላው'ውን ምጽዳቕን ይቐውም። እተን ልሙዳት ዝኾና ዓይነታት ሸርክነት ድማ ተራ ሸርክነት፡ ሓባራዊ ሸርክነት፡ ሓፈሻዊ ሸርክነት፡ ወሱን ሸርክነት፡ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር ከምኡ'ውን ብርኻዊ ማሕበር እየን።

ኣብ ሃገርና ዝርከብ ብሸርክነት ካብ ዝቖማ ዓይነታት ዋኒን ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ሸርክነት፡ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበርን ብርኻዊ ማሕበርን ይምደባ። ካብዚአን እተን ግሉጻት ዝኾና ዓይነታት ሸርክነት፡ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበርን ብርኻዊ ማሕበርን እየን። ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር፡ ብብሕቲ ዝውሃን ኮይኑ ካብ ክልተ ብዘይወሓዱ ካብ 50 ድማ ብዘይበዝሑ ሰባት ዝቖውም ሸርክነታዊ ዋኒን'ዩ። ብርኻዊ ማሕበር ድማ ካብ 50 ብዘይበዝሑ ኣባላት ዝምስረት ኮይኑ ሓያሉ ብርኪ. ናይ ምሻጥ ፍቓድ ዘለዎን ዘይብሉን ተባሂሉ ዝቖውም ሸርክነታዊ ዋኒን እዩ። ነዘን ድሕሪን ዝተጠቕሳ ዓይነታት ሸርክነት ዘመሳስለን ነጥቢ ድማ ኣብቲ ዋኒን ዝስዕብ ክሳራ ወይ ተሓታትነት ናብ ወሃንቲ ወይ ሱቡብርኪ ዘይሰግር ወይ ዘይሕትት ምኳኑ'ዩ። ዓንበርበብ ሹር ካምፓኒ፡ ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራን ኮርፖረሽን በራ ኣስመራን ከኣ ገለ ኣብነታት ናይ ብርኻዊ ማሕበር እየን።

ንምደባን መማዝነታትን ዓይነታት ዋኒን ዝምልከት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ንምርካብ ንመሰጋገሪ ንግዳዊ ሕጊ ኤርትራ ምውካስ ይከኣል። ንምዝገባ ዋኒን ዝምልከት ሓበሬታ ድማ ዓንቀጽ 5 ናይ ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 133/2024 ምውካስ ይከኣል። ንሕጋዊ ኣወሃህባ ፍቓድ ዋኒንን ቁጽጽር ስርዓት-ምዝገባን ዝምልከት መረዳእታ ንምርካብ ከኣ ንሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 133/2024 ናይ ኣዋጅ 128/2002 ምውካስ ይከኣል።



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ወለዶታት ዘየቃዱ ቋንቋ

**ሚርያም ዮሴፍ**

ቋንቋ፡ ኣብ መንጎ ሰባት ከም መረዳድኢ ወይ መራኸቢ ኮይኑ ዘገልግል ኣገዳሲ መሳርሒ እዩ። መረዳድኢ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ መንነት'ውን እዩ። ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዝልለይሉ ኮይኑ፡ ሕብረተሰብ ኣብ መስርሕ ዝሃንጾን ዘማዕብሎን ባህርያት ድማ ኣሎዎ። ምስ ምዕባለ፡ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ምትሕንፋጽ ሕብረተሰባትን ባህልን፡ ... ክጽሎ ይኽእል እዩ። ቋንቋ፡ መንነት ሓደ ሕብረተሰብ'ዩ ካብ በልና ግን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብዝግባእ ክሰጋገርን ክዕቀብን ዘሎዎ ረቋሒ ባህላዊ ውርሻ እዩ።

ሎሚ፡ ኣብ መንጎ ወለዶታት ዘሎ ናይ ቋንቋ ኣጠቓቕማ ክፈላለ ንዕዘብ ኢና። ውሑዳት ዘይኮና መንእሰያት ምስ ኣያታትናን ኣደታትናን ብሓደ ቋንቋ እናተዛረብና ግን ከኣ ዘይንረዳድኣሉ እዋናት ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ቋንቋታትና፡ ብፍላይ ቋንቋ ትግርኛ ከም ከቢድ ወይ ዓጺቕ፣ ቋንቋ ኢንግሊዝ ድማ ሓሳባትና ንምግላጽ ዝቐለለን ዝበዝሐ ኣማራጺታት ከም ዘሎዎን ገይርና ነቕርቦ ኢና። ካብዚ ዝተበገሰ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ደባሊቕና ክንዛረብን ሓሳባትና ብናትና ቋንቋ ከነካፍልን ንሸገር። በዚ ልምዲ'ዚ ኣብ እንንቀፈሉ ግዜ ናብ ኣእምሮይ ብተደጋጋሚ ዝመጽኣ ፍጻሜታት ኣለዋ።

ኣብ ጉደናታት ኣስመራ፡ ዝኸሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ይዝከረሉ ኣብ ዝነበረ እዋን እዩ። ኣብ ከባቢ መሸጣ ዓሳ፡ ፊት ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ኣብ 1975፡ ብስርዓት ደርግ ኣብ ልዕሊ ሰለማዊ ህዝቢ ንዝወረደ ግፍዕታት ዘንጸባርቕ ስእላዊ መግለጺ ቀሪቡ ነይሩ። በቲ ከባቢ ዝሓልፍ ዝነበረ ሰብ ድማ እቲ ዝፈለጠ ናብቲ ቦታ ኣላጊሱ ነቲ ስእልታት ክዕዘብን ከስተንትንን ከሎ፡ ናይቲ ኣጋጣሚ ኣፋፍኖት ዘይነበሮ ከኣ፡ "እዚ መደብ ደኣ ናይ ምንታይ እዩ፧" ኢሉ ዝሓትት ውሑድ ኣይነበረን።

ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ሓንቲ ኣብ ክሊ ዕድመ 70ታት ዝርከባ ኣደ፡ እቲ ተኣኪቡ ዝነበረ ህዝቢ ናይ ነገር ደሓር ድዩ ከጣይቓ ተኣልያ። ንሓንቲ ኣብ ስግር ጽርግያ ዝነበረት መንእሰይ ቅርብ ኢለን፥

"ከመይ ሓዲርኪ'ዛ ጓለይ፡ እዚ ሰብ ደኣ ናይ ደሓን ድዩ ንግሆ ምድሪ፧" ሓተታ።

"ደሓን እዩ ኣደ፡ ኣብዚ ሓደ ፕሮግራም ኣሎ።"

"እንታይ ምዃኑ እዩ እዚ ዝበልክዮ፧"

"ናይ ጋለርይ ኢግዚቢሽን።"

"እንታይ በልኪ'ዛ ጓለይ፧"



"ኣደይ ኢግዚብሽን እዩ።"

"እንታይ ኢኺ ትብሊ ኣንቲ መዓር ጓለይ፧ እንታይ እዩ እዚ ኩሉ ትብልዮ ዘለኺ፧" ደጊመን ክበርሃለን ሓተታ።

ነዚ ዝርርብ ኣብ ጐድኒ እታ መንእሰይ ኮይኖም ክሰምዑ ዝጸንሑ ክልተ መንእሰያት፡ ናብኣን ቀርብ ኢሎም፡ "ኣቲ ሓፍትና እዘን ዓባይ ሰበይቲ 'ፕሮግራም ናይ ጋለርይ ኢግዚብሽን' ኢልክየን እሞ እንታይ እየን ክብላኺ፧" ድሕሪ ምባል እቲ ምስተን ኣደ ዝተጀመረ ዝርርብ ቀጸልዎ።

"ኣደ፡ እዚ ብምኽንያት እቲ ቅድሚ 50 ዓመት ኣብ ኣስመራ ብስርዓት ደርግ ዝተፈጸመ ኣሰቃቒ ግፍዕታት ንምዝካር ዝተዳለወ መደብ እዩ። እዚ ተዘርጊሑ ዘሎ ኣሳእል ድማ፡ ነቶም ኣብቲ እዋን ብጸላኢ ዝተቐትሉ ንጹሃን ዜጋታትና ዝገልጽ እዩ። ኣብቲ ግዜ ኣበይ ነይርክን፡ ትዝክራኦዶ፧" ብምባል ግቡእ መግለጺ ናይቲ መደብ ሃብወን።

"ወይለ ኣዴኻ፡ እቲ ዝነበርናዮ ግናይ እዋን ደኣ ከመይ ዘይዝክሮ። ድሮዶ ሓምሳ ዓመቱ ገይሩ፣ ክንደይ መከራ እወ ኣሕሊፍና። ከምዚ ሎሚ ብኽልተ እግርና ደልዲልና ከይረገጽና። እሞ ንሱ ደኣ ካልእ ስም ወጺእዎ ድዩ፡ እዛ ጓለይ እንታይ እያ ክትብለኒ ጸኒሓ፧" ደጊመን ሓተታ።

"ሓቅኽን ኣደ ካልእ ስም ኣይኮነን ወጺእዎ፡ ኣምሂርኩምና እንዲኹም ብቛንቋ ኢንግሊዘኛ እያ፡ መደብ ስእላዊ ምርኢት ኣሎ ኢላትክን።"

እተን ኣደ ሰናፍ ኣይነበራን፣ በቲ መልሲ'ውን ብቐሊሉ ኣይዓገባን። "ምሳኹም ደቅና ከረዳድኣና ዘይክእል ትምህርቲ ዲና እሞ ኣምሂርናኩም። ትምህርትኹም ንዓና ንዘይተመሃርና ዘየረድእ እንተ ኮይኑ ከሲርና ማለት እዩ። ንሕና ብእንሰምዓኩም ቋንቋ ደኣ ኣዛርቡና'ዞም ደቀይ። እዚ መደብ ኣይ-ንስኹም ክትፈልጥዎ፡ ክትመሃሩሉ እሞ ብግቡእ ክትገልጽዎ ዝተገብረ እንድዩ፣ ካን ብሓደ ኣፊቱ!" ብምባል ናብ ዋኒነን ተዓዝራ።

ኣብ ሓደ ኵርናዕ ናይቲ ዝነበራኦ ጉደና ብምዃን ነዚ መሬት ዘይወድቕ ዘረባ እተን ኣደ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነብሰይ ኣካል ነቐፌታኦን ገይረ፡ ኣብ ጉዳይ ቋንቋ ዘይርስዓ ተወሳኺት ፍጻሜ ትዝ በለትኒ።

ብዓውዲ ሕርሻ ዝወድኡ መንእሰያት፡ ኣብ ትካሎም፡ እትዋት ኣብ ምኽዕባት ዘገልግል ሓድሽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣዳለዉ። ድሕሪ ናይ ነዊሕ ኣዋርሕ ምርምሮም ድማ ንጹር ዕላማ ዘሎዎ ውጽኢት መጽናዕቲ ብምሓዝ ናብ ግብራዊ ፈተነ ተዳለዉ። እቲ ኣብ ውሱን ቦታ ጥራይ ተፈቲኑ ኣተባባዒ ውጽኢት ዝነበሮ መጽናዕቲ፡ ኣብ ግራት ሓረስቶት ናይ ሓንቲ ዓዲ ክፍተንን ግብራውነቱ ተራእዩ ድማ ዝያዳ ክስርሓሉን ዝዓለመ ነበረ።

ምሉእ ናውቶም ብምውዳድ ድማ ናብ ሓንቲ ጄንገሬን እትብሃል ዓዲ ተበገሱ። ህዝቢ ጀንገሬን ዕላማ ስርሖም ብምርዳእ ምቕሉል ኣቀባብላ ገበርሎም። መብዛሕትኦ ተቐማጢ እታ ዓዲ፡ ተዛራቢ ቋንቋ ትግራይት ስለ ዝኾነ፡ እቲ ሓበሬታ ነቲ ህዝቢ ብዝርድኦን ዝመልኮን ቋንቋ ክሕበሮ ነይሩዎ። እዞም ናይ ኣዋርሕ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ናብ ህዝቢ ንምቕራብን ኣገዳስነት እቲ መጽናዕቲ ንምጉስጓስ ዝወፈሩ መንእሰያት ግን ነዚ ዝሰሓትዎ እዮም ዝመስሉ ነይሮም።

መደረኦም ብምጅማር ድማ፡ "ሕራይ እምበኣር፡ ሎሚ ሒዝናልኩም መጺእና ዘለና ሓድሽ ርኽበት ናይ ዘካየድናዮ ሪሰርች ኮይኑ፡ ነቲ ክሳብ ሕጂ ብትራዲሽናል ኣገባብ ትጥቀምሉ ዝነበርኩም ኣገባባት፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ንምምሕያሹ እዩ። ሰለስተ ነገር ድማ የጠቓልል። ቀዳማይ ምትእትታው ሞደርን ፋርሚን ፕራክቲስ እዩ። ካልኣይ ኣብዚ ከባቢ ንዘጋጥም፡ ነቲ ናትኩም ፕሮዳክሽን ብኣሉታ ዝጸሉ ተርእዮታት ባልዕ ኮይኑ፡ ንኣከባቢ ብዘይጎድእ መገዲ ዝሓሸ ኣጠቓቕማ ፔስቲሳይድ ዝምልከት እዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ ንግቡእ ኣጠቓቕማ ኦርጋኒክ ፈርቲላይዘር ዝምልከት ክኸውን እዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ሰለስተ ዝተወሃሃደ ኣገባባት ድማ ነቲ ዝጸንሓኩም ፕሮዳክሽን ክብ ከብሎ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎ፡" ብምባል ናብ ዝርዝራት ናይቲ ትሕዝትኦም ንምእታው መእተዊ ገበሩ።

ካብቲ ዝቐረበ ሓረጋት ፍርቂ በቲ ንሶም ዝርድኦምን መጽናዕቶም ዘካየድሉ ናይ ኢንግሊዘኛ ቃላትን ዝተበገሰ ስለዝኾነ፡ እቲ ባልዕ፡ ጸረ ባልዕ፡ ዱኽዒ፡ ኣገባባት ማሕረስ፡ ባህርያዊ ዱኽዒ፡ ባህላዊ ማሕረስ፡ እትዋት፡ ወዘተ ዝብሉ ሓረስታይ ከም ከብዲ ኢዱ ዝፈልጦም ሓረጋት ብፍጹም ኣይተደምጹን። ስለዝኾነ ድማ ካብ መደረ ናይቶም መንእሰያት፡ ንሓድሽ ዓውዲ እምበር፡ ነቲ ቀንዲ ዋኒኖም ዝምልከትን ሕርሻዊ መልእኽቲ ዘሎዎን ኮይኑ ኣይረኸብዎን።

ሓረስቶት እቲ ዓዲ ብምቕሉል ኣዘራርባ፡ "እዞም ደቀይ፡ ሎሚ ሳላ ትምህርትኹም ኣብ ዓቢ ደረጃ ከም ዝበጻሕኩም ፍሉጥ እዩ። ንሕበነልኩም ድማ። ንሕና ግን ንዘመናት ብሕርሻ ክነብር ዝጸናሕና ህዝቢ ኢና። ኣልሓምዲሉላህ ድማ እትዋትና ዓቕሚ ነብስና ተሚንና ክንናበር ጸኒሕና። እዚ ሕጂ ክትብልዎ ዝጸናሕኩም ግን ንነብስኹም ኢኹም ክትገልጹላ ጸኒሕኩም እምበር፡ ንሕና ዋላ ሓንቲ ቁምነገር ኣይሓዘናሉን። ብግቡእ ከተረድኡና ኣይከኣልኩምን። እንሻኣላህ፡ ካልእ ግዜ ንዓና ዘበቅዕ ቋንቋ ሒዝኩም ምስ ተመለስኩም ስራሕኩም ንርድኦ ንኸውን። ንሕጂ ግን ደኺምኩም ማዕሌሽ፣ ብልዑ፡ ስተዩ፡ እንተ እቲ መጽናዕትኹም ግን ምሳኹም ይጽናሕ፡" ብምባል ዘይተዳገም መልሲ ሃብዎም።



ንበይነይ ነዛ ፍጻሜ ዘኪረ ሰሓቕኩ።

ሎሚ ኣብ ብዙሕ ኣገጣሚታት ቋንቋታት ደባሊቕና ክንዛረብ እንሰማዕ መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮናን። ምልክት ምዕባለ መሲሉና'ውን፡ "ቋንቋ ኢንግሊዘኛ እዩ ዝቐለኒ፡ ትግርኛ(ወይ ካልእ ናትና ቋንቋ) የጸግመኒ እዩ፡" ንብል መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮናን። ቋንቋ ሃብቲ እዩ ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ክትመልኽ ምኽኣል ሓደ ሰብ ዘይኮነ ክንድቲ ትመልኮ ቋንቋታት ከም እትራባሕ እዮም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝገልጹ። ቀንዲ ተራ ናይ ቋንቋ ድማ ንሰባት ካብን ናብን ብዝሰድዎ ሓበሬታ ግቡእ ናይ ምርድዳእ መድረኽ ንምፍጣር እዩ። መልእኽትና ናብ ሓደ ኣካል ኣብ እንሰደሉ ወይ ኣብ እንዛረበሉ እዋን ግን በቲ ንሕና ጥራይ እንርድኦ ሰማዒና ዘይፈልጦ ቋንቋ ምስ እንደባልቕ ምብህሃልና ትርጉም ኣይህልዎን። ኣብ መንጎ እቲ ወሃብን ተቐባልን ሓበሬታ ድማ ምድንጋር ይፍጠር።

ሎሚ ዝተፈላለዩ ሞያታት ዓጢቕና ናብ ብዙሕ ክፋላት ሃገርና ብስራሕ ንምደብ ኢና። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ቋንቋን ልምድታትን ናይቲ ንኸዶ ዘለና ሕብረተሰብ ምፍላጥ፡ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ናይ ተመኵሮና ክንገብሮ ምስ እንኽእል ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ናብቲ ኣገልግሎት ክንህበሉ ንምደበሉ ዘለና ቦታታት፡ ደረጃ ትምህርትን ዓቕምን ተገልጋሊና ኣብ ግምት ከየእተና፡ ንሕና ጥራይ ብእንርድኦ ቋንቋ ኣገልግሎት ክንህብ ኣብ እንፍትነሉ እዋን፡ ዓጸፌትኡ ግብረ መልሲ ክንቅበል ንኽእል ኢና። ብዝከኣለና መጠን፡ ናይቲ ኣብቲ ከባቢ ዝዘውተር ቋንቋ፡ መሰረታዊ ከረዳድኣና ዝኽእል ምልከት ምውናን ኣብ ሞያናን ምስ ሰባት ኣብ እንገብሮ ምውስሳእን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ከምቲ እተን ኣደ ዝበላኦ ግን፡ ፍልጠትና ኮነ ትምህርትና፡ ነቲ እነገልግሎ ሕብረተሰብ ብዝጠቅምን ዘረድእን መገዲ ምስ ዘይቀርብ ንኹልና ኣድማዒ ኣይኮነን።

እቲ ጸገም ኣብ ተቐባሊ ሓበሬታ ጥራይ ኣይኮነን። ቋንቋ ኣደባሊቕና ኣብ እንዛረበሉ እዋን፡ ነቲ ብቛንቋና ዝጀመርናዮ ሓደ ምሉእ ሓሳብ ንምቕጻል፡ ሓረጋት ወይ ቃላት ክንምልእ ንጽገም እሞ፡ ካብ ኢንግሊዘኛ ንልቃብ፣ ጽንሕ ኢልና ድማ ነቲ ብኢንግሊዘኛ ዝጀመርናዮ ዘረባ ምሉእ ክንገብሮ ዳግማይ ንጽገም እሞ፡ ናብቲ መበገሲና ዝነበረ ናትና ቋንቋ ንምለስ። ነቲ ካብቲ ሓደ ክንለቓቕብ ምልከት ናይ ክልተኡ ቋንቋ ኣይህልወናን። ስለዚ ንሃገራዊ ቋንቋታትና ብግቡእ ከነዕብዮን ከነህብትሞን፡ ማዕረ ማዕረኡ ድማ ነቲ ዓለማዊ መሳርሒ ዝኾነ ኣህጉራዊ ቋንቋታት ክንፈልጦን ክንመልኮን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ በቦታኡን ከከም ኣድላይነቱን ድማ እሩምን ዋሕዚ ብዘሎዎ ኣዘራርባን ክንጥቀመሉ የኽእለና።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ጎይትኦም ኣርኣያ፣ ወ/ሮ ለተብርሃን ይሕደጎ ዘሙይ፣ ወድና ሰወእ ጳውሎስ ጎይትኦም ኣርኣያ ስለዝዞሰወኦ፣ ንሕና ኣመልከትቲ ወረስቲ ናይ ወድና ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ከ/ዕ/እ'ኽሊ. ይቐረብ።

ልዋም እስቲፋኖስ ኪዳን ምባል ተሪፉ፣ የሩሳሌም እስቲፋኖስ ኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.44 11 መጋባእያ ይቐረብ።

ትርሓስ የውሃንስ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፣ ትርሓስ የውሃንስ ወልደገብረኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቐረብ።

ትርሓስ ሓጎስ ገብራት፣ ኣቦና ሓጎስ ገብራት ገብረትንሳኤ ስለዝዋረፈ፣ ኣዴና ወ/ሮ ሚህሌት ተኸለ መሓሪ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወሉ፣ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቐረብ።

ኣቶ ክፍለ ሰመረኣብ መንግስትኣብ፣ ሓላፊተይ ቅድስቲ ሰመረኣብ መንግስትኣብ ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

የናስ ኣብራሃም ዓንደሚካኤል ምባል ተሪፉ፣ የውሃንስ ኣብራሃም ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ዘርኣይ ተስፋይ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ብርሃነ የማን ወልደጋብር፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 18/11/2026 ኣብ 1ይ/ደ/ቤ/ፍርዲ ዞባ ደቡብ ጾሮና ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ኣፍልጥ።

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ ዘሎ ካፍተርያ (ቤት መግቢ ማስተን) ከማሓዝቶ ስለዝደለየ፣ ግዱሳት ተማሓራትቲ ይዕድም።

ተማሓራትቲ ከማልኡዎ ዘለዎም ነጥብታት

- ተማሓራትቲ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፣ ናይ 2025 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ክሊራንስ የቕርቡ።
- ተማሓራትቲ ናይ ካፍተርያ ወይ ተመሳሳሊ ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።
- መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) C.P.O ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፣ ንዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ሳንዱቕ ጨረታ፣ ጸባሕ'ቲ ጨረታ ዝወድኣሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድ/ቀትሪ ተማሓራትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።
- ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና፣ ኣካል ዕድጊ ብምምጻእ መማሓራቲ ሰነድ ቅጥዒ ክትወስዱ ትኽእሉ። (ንዝያዳ ሓበሬታ ተሌ. 121884/201820 ተወከሱ)
- ሚኒስትሪ ዜና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ'ዚ ኣይግደድን እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ ኣሕምልትን ስጋን ገፍሮብርበረን ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰዉኪኦት ማይ-ሓባር ኣርእስቲ ውዕሊ- ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ውዕሊ- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰዉኪኦት ማይ-ሓባር፣ ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓዝት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሰዉኪኦት ማይ-ሓባር ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፣ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ስጋን ገፍሮብርበረን) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተማሓራትቲ፣ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2026 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተማሓራትቲ፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፣ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ዕድግን ኣስመራ፣ ቁጽሪ ቴሌ.200593/123749፣ መማሓራቲ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ጨረታ፣ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፣ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ክንጸግ እዩ። ተማሓራትቲ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰበ፣ ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣስመራ ኣብ መበል ዓሰራይ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
6. መኽበሪ ጨረታ ናይ ኣሕምልትን ስጋን (Bid security) (C.P.O) 50,000.00 ናቕፋ ናይ በርበረ ድማ (Bid security) (C.P.O) 20,000.00 ናቕፋ ክኸውን ኣለዎ።
7. ጨረታ፣ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
8. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ጨ/ሓ/ኣ/ዕድግን
(ቤ/ት/ ሰዉኪኦት ማይ-ሓባር)
ቴሌ.200593/123749

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር/ከባቢ. ስሎም ብቁ/ፍቓድ ዋኒን GBL 00006583 ናይ ፎርኖ ትካለይ፣ ንኣቶ ዳኒኤል መንግስትኣብ፣ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር ከባቢ. – ብዕለት 24/9/2026 ብቁ.መዝገብ 6266619 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፣ ብስም ወሃቢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

በረኸት ማሰፍን

ብስም ይሕደጎ ገብሪ ወልደጋብር ዝተመዝገበ፣ ብቁ.ፍ.ዋኒን KEL00010034 ዝኾነ፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፣ ወ/ሮ ኣስቴር ዳዊት ማና፣ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን፣ ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት ፣ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ይሕደጎ ገብሪ ወልደጋብር

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፣ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 11962 ቁጽሪ መዝገብ 10265 ዝርከብ ናይ ታክሲ ትካለይ፣ ንኣቶ ኣብርሃም ተስፋሚካኤል፣ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ሞንጎንቲ፣ ብዕለት 01/06/2020 ስለ ዝሸጥኩሉ፣ ብስም ሸያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፣ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፣ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘየቕሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣትክልቲ ወልደትንሳኤ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail:

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣስቴር ምናሴ ኪዳኑ ብዋል ቤተይ ዓንደም ተሰፋይ ጉብረሰላሴ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዲላ በርዕድ

ወ/ሮ ርሻን ዐመር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ርሻን ዐመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ ሳሙኤል ኣሰፍሃ ጊሎማርያም፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ 4 ኣስመራ ከባቢ ገዛ ከኒሻ ንብረት ቁ.መዝ 59580 ጠቕላላ ቁ/መዝጉብ 98204 ዘለዎ ልብሪቶ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ይኹን ብትሕጃ ዝሓዘኩሞ እንተ ኣሎኹም፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07367458 ክተመልክቱልና፡ እንተዘይኮይኑ ግን ሓድሽ ልብሪቶ ገዛ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ሳሙኤል ኣሰፍሃ ጊሎማርያም

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገጀረት ጎደና እምባረሚ ቁ.ገዛ 24 መለለዩ ገዛ ASD00002999 ከባቢ ዚ.ፕ 1A177 ስፍሓት 73.12 ት.ሜ ብስም ለተብርሃን ሃብተማርያም ኣስገዶም ዝተመዝገበ ኦርጅናል ፕሮጀቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ በዚ ተሌፎን 07111739 ይሓበር፣ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ቤት/ጽ ካዳስተር ትኽክል ቅዳሕ ከውጽእ ምኳነይ እሕብር።

ኣርን ሃብተማርያም

ኣመልካቲ ዓሊ ዓብደላ ሴፍ፡ ናይቲ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ደምባ ሰምባል ፕሎት 214 ፓርሰል 301 ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑ/ንብረት 1:001878 ዝተመዝገበ ኣፓርትመንት ገዛ፡ ብዕለት 18/02/2018 ዝተዋህበ ልብሪቶ ናይ ገዛን ሰነዳቱን ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07347223 ይሓበረኒ። እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትትት ምኳነይ እሕብር።

ወኪል ማሕሙድ ዓብደልቃድር ዘከሪያ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 0981 ቁጽሪ መዝጉብ 0940 ዝርከብ ናይ GBL ትካለይ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ ወይዘር ካሕሳይ ዑመር፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ ዓዲ መንደፈራ፡ ብዕለት 29/09/22 መዝ. 70/2022 ብውህቡቶ ስለ ዝሃብኩዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ንሕብር።

ፍረወይኒ

ብስም ፋና ኣልገዳ በላይ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00004705 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 159-1 ቁ.ገዛ 92 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣበባ መሓሪ ብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቀሓውታ ጎደና 713-22 ቁ.ገዛ 74 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንሕብር።

ፋና ኣልገዳ በላይ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (በርበረ ምስ ቀመመ ጨው ኣዩዲን ዘለዎን ምስንዓት ባኒን)
ዓዳጊ፡ ጨ/ሚ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥን ጸመማን ከረንን)
ኣርእስቲ ውዕል፡ (ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ንጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥን ጸመማን ከረንን) ን ዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ኣሕዳሪት ቤት/ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥን ጸመማን ከረንን ዝውዕል በርበረ ምስ ቀመሙን ጨው ኣዩዲን ዘለዎን ምስንዓት ባኒን ከምጸርት ስለ ዝደለና፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ትካላት ንዕድም።

1. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ቦርዲን ኣሰማጥን ጸመማን ከረንን) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (በርበረ ምስ ቀመሙን ጨው ኣዩዲን ዘለዎን ምስንዓት ባኒን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳታፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስን መንነት ወረቐትን የቕርቡ።
4. ተሳታፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ቁ.ቴሌፎን 402289 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ዕለት 28/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጒዩ ዝቐርብ ጨረታ ይነጸግ። ጨረታ፣ ተሳታፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልቶም ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስ ሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 28/10/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid security) (cpo) 50,000.00 ናቕፋ ንበርበረን ጨውን ከምኡ'ውን 25.000.00 ንምስንዓቲ ባኒ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ ብምሉኡ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ትም/ዞባ ዓንሰባ
ተሌፎን 402289,402290

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ዝኸውን መግቢ ከቕርቡ ዝኽእሉ ግዱሳት ተሳታፍቲ ይዕድም። ተሳታፍቲ ከማልእዎ ዘለዎም፡

1. ናይ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ ፎቶኮፒ መንነትን ናይ 2026 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ክሊራንስን፡
2. ተሳታፍቲ፡ ናይ መሳረቲ ሰነድ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንግሆ ካብ 8:00-12:00 ድሕሪ ቀትሪ ካብ 2:00-5:00 ክወስዱ ይኽእሉ፡
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ተሳታፍቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይኽፈት፡
4. ናይ ጨረታ ሰነድ ምስ ተመልአ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይርከብ፡
5. ተሳታፍቲ ንመኽበሪ ጨረታ 50,000 ናቕፋ ብ C.P.O የትሕዙ፡
6. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ እዚ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡

ኩባንያ ህንጻ ሰገን
ጎደና ብድሆ ቁ.ገዛ 50-52

# ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪ' ዝእከብ መጠን 'ካልስዩም' ብመንጽር መጥቃዕቲ ልቢ

ታደሰ መሓሪ (ፕሮፌሰር)

ልቢ ናብ መላእ ኣካላትና ደም ንምፍንፋሕን ካብ መላእ ኣካላት ደም ንምቕባልን ዝሕግዝዋ ሰራውር ደም ከምዘለዉዋ ይፍለጥ። እቶም ናብ መላእ ኣካላትና 'ጽሩይ' (ብኦክሲጅን ዝሃብተመ) ደም ንምፍንፋሕ ዝሕግዝዋ ሰራውር ደም 'ኣርተሪስ' (Arteries) ክኾኑ ከለዉ፣ እቶም ካብ መላእ ኣካላትና 'ረሳሕ' (ካርቦን ዳዮክሳይድ ዝጸዓኑ) ደም ናብ ልቢ ዝመልሱ ሰራውር ደም ከኣ 'ቨይንስ' (veins) ተባሂሎም ይጽውዑ። ቨይንስ፣ ካብ መላእ ሰውነት ዝኣከብዎ 'ረሳሕ' ደም ናብ ሰናቡእ ብምውሳድ ዝተሰከምዎ ካርቦን ዳዮክሳይድ የራግፉ፣ ከም ርሱሓት ኮይኑ ከኣ ይወጽእ። ኣርተሪታት ከኣ ጽሩይ ደም ናብ መላእ ኣካላት ይዝርግሑ። ብተወሳኺ፣ ልቢ፣ ከም ኩሎም ክፋላት ኣካላትና፣ ዘድልያ ኦክሲጅንን መኣዛዊ መግብን ዘሰንቕዋ ሰራውር ደም 'ኮሮናሪ ኣርተሪታት' (Coronary Arteries) ይብሃሉ። እንተኾኑ እዞም ሰራውር ደም እዚኣም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ምስ ዝጸቡ ወይ ምስ ዝዕበሱ ልቢ ዘድልያ ቀረብ ስለ እትስእን፣ ትህሉ ሕማም ልቢ ከኣ ይስዕብ። እናገደደ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ድማ ክሳብ መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack) ዝበጽሕ ሓደጋ የኸትል። እዞም ዝተጠቕሱ ሰራውር ደም ግን ብኸመይን ንምንታይን ይጸቡ ወይ ይዕበሱ፧

## ደብዳብ 'ካልስዩም' ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪ' (Coronary artery calcification)

ኣብ ዑደት ደም፣ ካብ እንምገቦ መግቢ




'ካልስዩም' እተባህለ ባእታ ኣብ ውሽጣዊ መንደቕ ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ሰራውር ደም ኣብ ዝሓልፈሉ ግዜ፣ ብሰቡሓዊ 'ኮለስትሮል' ተለጢፋ ብዕንቅፋት (plaque) ይፈጥር፣ ምስ ግዜ ከኣ ከም ዝጸቡ ይገብር። እዚ መስርሕ'ዚ 'ካልሲፊከሽን' (calcification) ተባሂሉ ዝግለጽ ኮይኑ ንነዊሕ ግዜ ምስ ዝቕጽል ከኣ ውሽጣዊ መንደቕ ሰራውር ደም ምጽባብን ምዕባስን ይጅምር፣ 'ኣሰሮስክለሮሰስ' (Atherosclerosis) ዝተባህለ ጸገም ልቢ ከኣ የኸትል። እዚ ጠንቂ'ዚ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን፣ ልቢ በዞም ዝጸበቡ ሰራውር ደም ምፍንፋሕ ስለ እትሸገር ልዑል ጸቕጢ ደም ይስዕብ። ቀጺሉ፣ ዋህዮታትን ጭዋዳታትን ልቢ እኹል መግብን ኦክሲጅንን ብዘይምርካቦም እናደኸሙ ክመጽኡ ከለዉ ቅልል ዝበለ 'ኣንጃይና' (Angina) ዝተባህለ ጸገም ልቢ የኸትል። ከምዚ ዓይነት ጸገም ልቢ ዘለዎም ሰባት ከኣ፣ ቃንዛ ኣፍልቢ፣ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ውነኻ ምጥፋእ፣ ኣኽቲሉ ብምዕወልዋል ክሳብ ምውዳቕ የብጽሖም። እዚ እቲ ናይ መጀመርታ ጠንቂ ኮይኑ፣ ሰራውር ደም ብቐጻሊ እናጸበቡን እናተዓብሱን ኣብ ዝኸዱሉ እዋን ከኣ ክሳብ መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack) ወይ'ውን ወቕዒ ሓንጎል (stroke) ክስዕብ ይኽእል'ዩ።

## መስርሕ ደብዳብ 'ካልስዩም' ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪ'

መስርሕ ደብዳብ 'ካልስዩም' ኣብ ሰራውር ደም ብሕልፊ ከኣ ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪታት' በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይምዕበል።

ሀ) ማህሰይቲ ውሽጣዊ መንደቕ 'ኣርተሪ' – ኣብ ነዊሕ ዓመታት ብዘቐጸል መስርሕ፣ ውሽጣዊ መንደቕ ሰራውር ደም ብዙሕ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ኮለስትሮል፡ ሕማም ሽኮር፡ ብምድፋእ ዕድመ፡ ብምትካኽ ሽጋራ፡ ብሕዱር ነድሪ ሰውነትን (chronic inflammation) ዝኣመሰሉ ጠንቅታት ማህሰይቲ ይወርዶ።

ለ) ምእካብ ብዕንቅፋት (plaque) – ኮለስትሮል፡ ስቡሕ፡ ካልስዩም፡ ወዘተ ኣብ ውሽጣዊ መንደቕ ናይ'ዞም ዝተሃስዩ 'ኣርተሪታት' ምልጣፍ ይጅምሩ'ሞ ሰራውር ደም እናጸበቡ ይመጽኡ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ደም ብልዑል ጸቕጢ ክውሕዝ ይጅምር። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ጭዋዳታት ልቢ ደም ኣብ ምፍንፋሕ ይሸገሩ፣ ጸቕጢ ደም ከኣ ይስዕብ። እናገደደ ኣብ ዝኸደሉ ከኣ 'ኣንጃይና' (Angina) ዝተባህለ ሕማም ልቢ የኸትል።

ሐ) ምፍንጃር ብዕንቅፋት – እዚ ኣብ ውሽጣዊ መንደቕ ሰራውር ደም ዝተኣከበ ብዕንቅፋት እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፣ ብሃንደበት ይፍንጀር'ሞ ዋህዮታት ደም ንምትዕርራዩ ብምሕላን ኣብ ልዕለኡ ደም የርግኡ (blood clot ይፈጥሩ)። በዚ ከኣ እዚ 'ኣርተሪ'ዚ ጨሪሱ ይዕበስ፣ ዋሕዚ ደም ይዕጸው። ገለ ክፋል ጭዋዳታት ልቢ ከኣ መግብን ኦክሲጅንን ስለዘይረኽቡ ክሞቱ ይጅምሩ።

## መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack)ን ወቕዒ ሓንጎል (stroke)ን

መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack) ኣብ ሓደ ሰብ ዝኸሰት፣ ሓደ ካብ'ቶም ኮሮናሪ ኣርተሪታት ምርጋእ ደም (blood clot) ፈጢሩ ምስ ዝዕበስ'ሞ ዋሕዚ ደም ናብ ሓደ ክፋል ጭዋዳ ልቢ ንነዊሕ ዝበለ ግዜ ምስ ዝዕጸው ወይ ምስ ዘቋርጽ ኦክሲጅን ብምስኣን ክመውት ክጅምር ከሎ'ዩ። ብኸምዚ ዝተጠቕዐ ሰብ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዳኢት እንተረኺቡ ነቲ ዝተዓበሰ ሰራውር ደም ብምትዕርራይ ዋሕዚ ደም ከም ዝቕጽል እንተተገይሩ ካብ ሞት ክድሕን ይኽእል'ዩ። በንጻሩ ወቕዒ ሓንጎል (stroke)፣ ብሰሪ ምዕባስ ሰራውር ደም፣ ዋሕዚ ደም ናብ ሓንጎል ክውሕድ ወይ ጨሪሱ ክቋረጽ ከሎ ዝኸሰት ሓደጋ'ዩ። በዚ ከኣ ዋህዮታት ሓንጎል ዘድልዮም ኦክሲጅንን መኣዛታት መግብን (nutrients) ስለ ዘይረኽቡ ምማት ይጅምሩ፣ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ዝተፈላለየ ስንክልናታት ይስዕብ። ህጹጽ ሕክምናዊ ረዳኢት እንተዘይተገይሩሉ ከኣ ክሳብ ሞት ክበጽሕ ይኽእል።

## ልሙዳት ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack)

ልሙዳት ምልክታት መጥቃዕቲ ልቢ፣ ጸቕጥን ቃንዛን ኣፍልቢ ክኾውን ከሎ እዚ ቃንዛ'ዚ በብቑሩብ ናብ ጸጋማይ ምናት፡ መንከስ፡ ክሳድ፡ ምንጋጋን ሕቆን ይዝርጋሕ። ብተወሳኺ ዝሑል ረሃጽ፡ ናይ ተምላስ ስምዒት፡ ውነኻ ምጥፋእ ክኾኑ ከለዉ፣ ንመጥቃዕቲ ልቢ ኪጋድዱ ዝኽእሉ ጠንቅታት ከኣ፣ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ልዑል መጠን ኮለስትሮል፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ክብደት (obesity)፣ ምውሰዋስ ኣካላት ዘይምዝውታር፡ ምድፋእ ዕድመ፡ ከምኡ'ውን ስድራቤታዊ




ሕማም ልቢ (family history of heart disease) እዮም።

## መጠን 'ካልስዩም' ኣብ ሰራውር ደም

ኣብ ሰራውር ደም፣ ብሕልፊ ከኣ ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪታት' ዝእከብ መጠን ካልስዩምን ኮለስትሮልን እቲ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ልቢ ምዃኑ ኣቐዲሙ ተገሊጹ'ዩ። ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪ ዝእከብ ብዕንቅፋት (ካልስዩም፡ ኮለስትሮልን፡ ካልእ ርሱሓትን) ብምዕቃንን ዘድሊ ስጉምቲታት ብምውሳድን ከኣ፣ መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack) ይኹን ወቕዒ ሓንጎል (stroke) ብኣግኡ ክከላኸልዎ ከም ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ጥዕና ይገልጹ። መጠን/ዓቐን ካልስዩም ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪ ከኣ (Coronary Artery Calcium Score) እናተባህለ ይጽዋዕ። እዚ፣ ካብ 10-15 ደቓይቕ ዝወስድ መርመራ ሰራውር ደም፣ ልቢ ብ'ሲቲ ስካን' (CT Scan) ብምዕቃን፣ መጠን ዝተኣከበ ካልስዩም ምንጻር'ዩ። ኣብዞም ሰራውር ደም ዝእከብ መጠን ካልስዩም ከኣ ኣብ ልቢ ንዝኸሰቱ ዝተፈላለዩ ሕማማት፣ እንተላይ ተኽእሎ መጥቃዕቲ ልቢ ክእምት ከም ዝኽእል ሓኻይምን ሰብ ሞያ ጥዕናን የረጋግጹ። ልዑል መጠን ካልስዩም ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪ ዘለዎ ሰብ፣ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮርን ኮለስትሮልን ክቃላዕ ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። እዚ መጠን'ዚ ኣዝዩ ኣብ ዝልዕለሉ ግዜ ከኣ እቲ ሰብ ንመጥቃዕቲ ልብን ወቕዒ ሓንጎልን ክቃላዕ ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ብምዃኑ፣ ምስ ሓኻይም ብምምኽኻር ዘድሊ ጥንቃቐታት ክገብርን ናይ መነባብሮ ለውጢ ከተኣታቱን ናይ ግድን ይኸውን።

| መጠን ካልስዩም | ትርጉም/መግለጺ |
|---|---|
| 0 | ዝርአ ካልስዩም የለን፣ እዚ ከኣ ንዝመጽእ ሓያለ ዓመታት ኣዝዩ ትሑት (ዳርጋ ዜሮ) ስግኣት መጥቃዕቲ ልቢ ከህሉ ከም ዝኽእል ይእምት። መጠን ኮለስትሮል ዘትሕት መድሃኒት ምውሳድ'ውን ኣድላይነት ኣይህልዎን። |
| 1–99 | እዚ ቁጽሪ'ዚ፣ ውሑድ ዓቐን ካልስዩም ከም ዝተኣከበ ክእምት ከሎ፣ ቅልል ዝበሉ ሕማማት ልቢ ምጅማሮም ከኣ የጸር። ኣብ ዕድመ 55 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ኣብ ዝኾኑ ሰባት ከኣ ምስ ሓኻይሞም ብምምኽኻር ጸቕጢ ደሞም ክቆጻጸሩን ናይ ኮለስትሮል መድሃኒት ክጅምሩን ይመዓዱ። |
| 100–299 | እዚ ውጽኢት'ዚ ማእከላይ ወይ ምጡን ዓቐን ካልስዩም ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪታት ምህላው ክእምት ከሎ፣ ንመጻኢ ልዑል ስግኣት ሕማም ልቢ ክህሉ ከም ዝኽእል ይሕብር። ስለዚ ምስ ሓኻይም ብምምኽኻር ኮለስትሮል ዘጉድል መድሃኒት ምጅማር ኣገዳሲ ይኸውን። ብተወሳኺ፣ ንልቢ ክሃስዩ ዝኽእሉ ከም ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ጠንቅታት ከኣ ጽዑቕ ምክትታል ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን። |
| ≥300 | እዚ ቁጽሪ'ዚ ኣዝዩ ጽዑቕ ካልስዩም ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪታት ተለጢፉ ምህላው የመልክት። እዚ መጠን'ዚ ንውሽጣዊ ግድግዳ ናይ'ቲ ኣርተሪ ዳርጋ ክዕብሶ ቀሪቡ ከም ዘሎ ክእምት ከሎ ምስ ልዑል ስግኣት መጥቃዕቲ ልቢ ከምዝተሓሓዝ ከኣ የመልክት። ስለዝኾነ ከኣ ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት፣ ጽዑቕን ጥንቃቐ ዝመልኦን ቀጻሊ ምክትታል ክግበረሎም የድሊ። |

## ካብዚ መርመራ'ዚ ክጥቀሙ ዝኽእሉ ሰባት መንየኖም፧




እዚ መርመራ'ዚ፣ ሓደ ሰብ ዋላ'ኳ ዝስምዖ ሕማም ወይ ምልክታት እንተዘይሃለዎ፣ ውጽኢት መርመራኡ ኣብ ግምት ብምእታው ንመጻኢ ስግኣታት ሕማም ልቢ ክህልዎ ከም ዝኽእል ምስ ዝንጸር፣ ሓኻይም ዘድሊ ፍወሳ፣ ለውጢ ቅዱ-ናብራን (life-style change) ምዕሩይ ኣመጋግባን ክእዝዙ ይሕግዞም። ዘለዎ መጠን ካልስዩም ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ፣ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ከምኡ'ውን መጠን ኮለስትሮል ንምቁጽጻር ዘድሊ ኣፋውስ ክእዝዙሉ የኽእሎም። በንጻሩ መጠን ካልስዩም ኣዝዩ ትሑት ወይ ዜሮ ምስ ዝኸውን ከኣ ዝወስዶ ዝነበረ ናይ ኮለስትሮል ወይ ካልእ መድሃኒታት ክጉድሎ ወይ ጨሪሱ ከቋርጾ ምኽሪ ኣብ ምሃብ ይሕግዞም። በዚ መሰረት'ዚ እምበኣርከስ፣ ካብዚ መርመራ'ዚ ክጥቀሙ ዝኽእሉ ሰባት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ሀ) ካብ 40-75 ዓመት ዝዕድመኦም ግን ከኣ ኣቐዲሞም ጠንቂ ሕማም ልቢ ዘይብሎም ሰባት፣

ለ) ብመሰረት ምድፋእ ዕድመ፡ ልዑል መጠን ኮለስትሮል፡ ጸቕጢ ደም፡ ወይ ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ከምኡ'ውን ብመጠኑ ማእከላይ ወይ ቅልል ዝበለ ሕማም ልቢ ከም ዘለዎም ዝተለለዩ ሰባት።

ሐ) ታሪኽ ስድራ ቤት (ኣቦ፡ ኣደ፡ ኣሕዋት፡ ኣሓት፡ ወይ ቀረባ ኣዝማድ) ዝሕብሮ ሕማም ልቢ ምስ ዝህሉ።

## ስግኣታት መጥቃዕቲ ልብን ወቕዒ ሓንጎልን ብኸመይ ክንከላኸሎም ንኽእል፧

እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መግለጺታት ኣብ ግምት ብምእታው እምበኣርከስ ስግኣታት መጥቃዕቲ ልብ (heart attack)ን ወቕዒ ሓንጎል (stroke)ን ንምጉዳል ወይ ንምክልኻል፣ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ምኽታል ኣገዳሲ ይኸውን።

ሀ) ክብደት ሰውነት ምቁጽጻር - ልዑል ክብደት ሰውነት ንልዑል ጸቕጢ ደም፡ ኮለስትሮል፡ ሕማም ሽኮር፡ ወዘተ ስለ ዘቃልዕ ብቐሊሉ ጠንቂ ሕማም ልቢ ይኸውን። ስለዚ ንቡር ክብደት ሰውነት ክህልወና ኣገዳሲ'ዩ።

ለ) ዘለዉና ሕማማት ብግቡእ ምቁጽጻር - ከም ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ሕማም ሽኮር፡ ኮለስትሮል፡ ዝኣመሰሉ ሕዱራት ሕማማት ምስ ዝህልዉና፣ ምስ ሓኻይምና እናተማኸርና ክንቆጻጸሮም ይግባእ።

ሐ) ምንቅስቓስ ኣካላት ምዝውታር - ግቡእ ምንቅስቓስ ኣካላት (ካብ 20-25 ደቓይቕ ኣብ መዓልቲ) ምግባር ካብ ብዙሕ ከም'ኒ ጸቕጢ ደም፡ ሽኮር፡ ኮለስትሮል፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ሕማማት ክንከላኸለልና ስለ ዝኽእል፣ ጥዕና መላእ ሰውነት ብሓፈሻ፣ ጥዕና ልቢ ድማ ብፍላይ የረጋግጸልና።

መ) ሽጋራ ዘይምትካኽ - ምትካኽ ሽጋራ ወይ ምዝውታር ትምባኾን ውጽኢቱን ልዑል ጠንቂ ሕማም ልቢ ስለ ዝኾነ ምቁራጹ ንጥዕና ልቢ የድንፍዕ።

ሰ) ንጥዕና ዝሰማማዕ መግቢ ምምጋብ - ብፍረታት፡ ኣሕምልትን ጸሕኒ (fiber) ዘለዎ መግብን ዝሃብተመ፡ ዝተመጣጠነ፡ ስቡሕ ዘይበዝሖ መግቢ፡ ንጥዕና ሰውነት ብሓፈሻ ንጥዕና ልቢ ድማ ብፍላይ፣ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ብተወሳኺ፡ 'ኦሜጋ-3' (Omega-3) ዝተባህለ መመላእታ መግቢ (supplement) ንጥዕና ልቢ ጠቓሚ ምዃኑ ሰብ ሞያ ጥዕና ይሕብሩ።

ረ) እኹል ሰዓታት ድቃስ ምድቃስ - እኹልን ልኡምን ድቃስ ምድቃስ፣ ጸቕጢ ደም ንምቁጽጻር ስለዝሕግዝ ስግኣታት ሕማም ልቢ ይንክይ። እንተወሓደ 6 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ምድቃስ ጥዕና የደንፍዕ።

ሸ) መጠን ኮለስትሮል ምቁጽጻር - ኣብ ሰውነትና 2 ዓይነታት ኮለስትሮል ይርከቡ - 'ሕማቕ'ን 'ጽቡቕ'ን ኮለስትሮል ተባሂሎም ከኣ ይግለጹ። 'ሕማቕ' ኮለስትሮል (Low Density Lipoprotein – LDL) ክኸውን ከሎ፣ እቲ 'ጽቡቕ' ኮለስትሮል ዝበሃል ከኣ (High Density Lipoprotein – HDL) እዩ። እዚ 'ጽቡቕ' ዝተሰምየ ኮለስትሮል፣ ዝያዳ ኮለስትሮል ካብ ዋሕዚ ደም ኣልዩ ናብ ጸላም ከብዲ ብምብጻሕ ከም ርሱሓት ኮይኑ ከም ዝውገድ ይገብር። 'ሕማቕ' ኮለስትሮል ግን ኮለስትሮል ናብ መላእ ዋህዮታት ሰውነት የግዕዞ፣ ኣብ ውሽጣዊ መንደቕ ሰራውር ደም ተለጢፉ ከኣ ብዕንቅፋት (plaque) ከምዝፈጥር ገይሩ፣ ጠንቂ ሕማም ልቢ ይኸውን። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ከኣ 'ሕማቕ' ኮለስትሮል እናተባህለ ዝግለጽ።

ቀ) ጽሬት ኣስናንን ግርጻንን ምሕላው - ብጉድለት ጽሬት ኣብ ኣስናንናን ግርጻንናን ዝመጽእ ረኽሲ፣ ብቐጥታ ንልብን ሰራውር ደም ልብን ስለ ዘጥቅዕ ኩሉ ግዜ ብጽሬት ምሓዙ ንጥዕናናን ንጥዕና ልብናን ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።

**ምንጪ ጽሑፍ: (AI – ChatGPT, Claude, PocketPal)**

# “ዓወትና፡ ክብርን ሓበንን ንቤት ትምህርትና'ዩ” ተሸለምቲ ተማሃሮ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ስእሊ፦ ሮቤል መረስዕ



ተማሃሪት ሩት ምስ ስድራቤታ

መባእታን ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም፡ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025-2026 ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ፡ ልዕሊ 90% ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮኡ፡ ሸልማት ብምሃብ ኣተባቢዑ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣበ'ቲ ኢጋጥሚ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ን39 ኣብቲ ታውያን መምህራኑ'ውን ኣተባቢዑ።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ ምርኢት ተማሃሮ ተሰንዩ ብቐዳም 10 ጥቅምቲ ኣብ ሲኒማ ሮማ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምዕዳል ሸልማት፡ ዳይረክተር




መም. ቴድሮስ ገ/እግዚብሄር

ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም መም/ ቴድሮስ ገብረእግዚኣብሄር ሓጺር ቃል ኣስሚዑ። መም ቴድሮስ፡ ንዕወታት ተማሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጐሰኩምን ወጽኢት ዘይሕለል ጻዕርኹምን ጽንዕ ምክትታልኩምን ክትሓፍሱ ኣብቃዕኩምን ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተፈተኑ 258 ተማሃሮ፡ እቶም 254 (98.4%) ናብ ታሻዓይ ክፍሊ ከም ዝሓለፉ ሓቢሩ። ካብ'ቶም



ተማ. ሆሴእ ምስ ስድራቤቱ

ዝሓለፉ፡ እቶም 77 ተማሃሮ ልዕሊ 90% ነጥቢ ከመዝገቡ ከለው፡ ካብኣቶም እቶን 50 ደቂ ኣንስትዮ ምዃነን ኣረዲኡ።

መም/ ቴድሮስ ኣስዒቡ፡ ንኹሎም ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተማሃሮኣም መዳልያን ወረቐት ምስክርን ክሸልምዎም ምዃኖም ጠቒሱ፡ ኑቶም 98% ን ልዕሊኡን ዘምጽኡ 12 ተማሃሮ ደማ 'ሆር' ዝዓይነተን ታብለት ተወሳኺ ሸልማት ከምዝዓለወሎም ኣብሪሁ። እዞም ልዕሊ 90% ነጥቢ ኣምጺኦም ንሽልማት ዝበቕዑ 77 ተማሃሮኦም፡ 30.3% ዝሽፍኑ ምዃኖም ብምግላጽ ከኣ፡ እዚ ኣሃዝ'ዚ፡ ብመጠን ምሕላፍን ብቕዓትን ክርአ እንከሎ፡ ካብ ኩለን መወዳድርቶም ኣብያተ ትምህርቲ በሊጾም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዖም ከም ዝርከቡ ሓቢሩ።

ቀጺሉ፡ ኣቦ መንበር ኮሚቴ ወለዲ ቤት ትምህርቲ ፍረሰላም ኣቶ ቴድሮስ ተኸለ'ዩ ንወለዲ ወኪሉ ቃል ኣስሚዑ። ኣቶ ቴድሮስ፡ እዚ ብተማሃሮ ተረኺቡ ዘሎ ወጽኢት፡ ብቐንዱ ፍረ ጻዕሪ ተማሃሮን መምህራንን፡ ምስኡ ድማ፡ ወለዲ ንዕወታት ደቆም ካብ ህጻንነቶም ጀሚሮም ግቡእ ክንክንን ናብዮትን ምክትታልን ስለ ዝገበሩ ዝተሓፍሰ ምዃኑ ብምሕባር፡ ንኹሎም የቐንየልና ኢሉ። ካብ ጠቕላላ ተፈተንቲ 98.4% ምሕላፎም፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ብልዕሊ 3% ዕብየት ከም ዘርኣየ ጠቒሱ ከኣ፡ ልዕሊ ሓደ ሲሶ ካብ ተፈተንቲ ልዕሊ 90% ኣምጺኦም ንሽልማት ምብቕዖም፡ ንወለዲ፡ መምህራንን ቤት ትምህርትን ልዑል ክብርን ሓበንን ምዃኑ ገሊጹ። ንዘበርከትኩን ዘበለጸን ወጽኢት፡ ካብ'ዚ ንላዕሊ ብወህደት ክሰርሑ ምዃኖም ድማ ብስም ኮሚቴ ወለዲ ቃል ኣትዩ።

ቀጺልና ንገለ ካብ ተሸለምቲ ተማሃሮን ወለዶምን ኢና ኣዘራሪብና። ፊልማ ዝለዓለ ነጥቢ ማለት 99.6% ኣምጺኣ ታብለት፡ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝዓተረት ተማሃሪት ሩት ብርሃ ኢና ተወከስናያ። ተማሃሪት ሩት ነዚ ዓወት ከተምጽእ ዝበቕዐት፡ ሻሙናይ ክፍሊ ከይጀመረት ከሎ፡ ናይ 6ይን 7ይን ክፍሊ ኣብ ግዜ ክረምቲ ኣቐዲማ ስለ ዘጽንዓቶ፣ ናይ 8ይ ክፍሊ ድማ ኣብ ክፍሊ ጽቡቕ ገይራ ሳላ ዝተኸታተለትን ቀዳም ቀዳም ዝወሃቦም ዝነበረ ናይ ደገፍ ትምህርቲ

ብጽቡቕ ስለ ዝተጠቕመሉ፡ ኣብ ክፍሊ ብጽሞና ስለ ዝከታተል፡ ኣብ ገዛ'ውን ብመደብ ስለ ዘጽንዕ ምዃኑ ይሕብር። ወለዱ'ውን ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ሕጂ ካብ እግሩ ከይተፈልዩ ዘድሊ ናውቲ ትምህርቲ እናቐረቡን ዘይተረድኦ እናሓገዙን ስለ ዘተባብዕዎ፡ እዚ ዓወት ንዓታቶም ከም ዘወፍዮ ገሊጹ።

ወላዲኡ ኣቶ የናስ ግርማይ ብወገኖም፡ ላሜክ ወዶም ካብ ንእስነቱ ትኩርን ልዑል ተገዳስነት ኣብ ትምህርቲ ዝነበሮን ምዃኑ ጠቒሶም፡




ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ

ብውልቃዊ ጻዕሩን ጻዕሪ ናይ ወለዱን መምህራኑን ተሓጊዙ፡ ኣብ'ዚ ዓወት ክበጽሕ ምኽኣሉ፡ ሕጉሳትን ዕጉባትን ከም ዝገበሮ ገሊጹ።

ንጀነራል ምድላው ኣብ ዝገበረሉ ዝነበረ እዋን፣ ኑቲ ብቤት ትምህርቱ ዝወሃቦ ዝነበረ ትምህርቲ ብስሩዕ ኣብ ምክትታል፣ ከምኡ'ውን ንዝተዋህቦ

ብዮገቡእ ስለ ዝተማሃረትን ምዃና ትሕብር። ወላዲኣ'ውን ኣብ ግዜ መጽናዕታን ትምህርታን፡ ብፍቕርን ሓልዮትን ጠሚቶም ብኹሉ ስለ ዝደገፍዋ፡ ዓወታ ንዓታቶም ከም እተወፍዮ ሓቢራትና።

ወላዲኣ ኣቶ ብርሃ ኪዳኔ ብወጽኢት ጓሎም ዝለዓለ ሓጐስን ዕግበትን ከም ዝተሰምዖ ብምግላጽ፡ ጓሎም ካብ ቤት ትምህርቲ ምሉእ ዝለዓለ ነጥቢ ኣምጺኣ ዝሸልማትን ምትብባዕን ክትወሰድ ምብቕዓ፡ ኣብ ቀጻሊ ዓወታ ሓያል ሞራልን ተስፋን ከም ዝሃባ ሓቢሩ።

ተማሃራይ ሆሴእ እያሱ'ውን 98% ኣምጺኡ፡ ታብለት፡ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተሸለመ'ዩ። እዚ ሸልማት ኣብ ቀጻሊ፡ ካብ'ቲ ዝነበሮ ዝያዳ ንፈዑን ሞራል ገይሩን ዝበለጸ ወጽኢት ከመዝግብ ከም ዝደርኾ ገሊጹልና። ተራ ወለዱ ኣገዳሲ ዕዙዝ ምዃኑ ዝጠቐሰ ተማሃራይ ሆሴእ፡ በዚ ኢጋጥሚ፡ እዚ ዓወት ንወለዱ ከም ዘወፍዮ ሓቢሩና።

ንተማሃራይ ሆሴእ፡ ወላዲኡ ደገ ስለ ዝቕመጥ፡ ኣብ'ዚ ከም ኣቦ ኮይኖም ዝከታተልዎ ናይ ቀረባ ቤተሰቡ ኣቦይ ረዘነ ተስፋይ'ዮም። ክልተ ኣሕዋቱ ኣብ ማትሪክ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኦም ኮሊጅ ከም ዝኣተዉ ዝጠቐሱ ኣቦይ ረዘነ፡ ሆሴእ'ውን ብጽቡቕ ይቕጽል ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዝለዓለ ዓወት ከም ዝበጽሕ ኣሚኖም።

ተማሃሪት ፊሂማ መሓመድሻፋ፡ 90.4% ኣምጺኣ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተሸለመት'ያ። ተማሃሪት ፊሂማ፡ ነዚ ዓወት ብኣላ ውልቃዊ ጻዕራ፡ ዘይሕለል ደገፍን ምትብባዕን ወለዳ፡ ከምኡ'ውን ሞራልን ምክትታልን መማህራና ዝተገናጸፈቶ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ዓወት ንወለዳን መማህራናን ከም እተወፍዮ ገሊጻትልና። ተማሃሪት ፊሂማ፡ ኣብ ኣጸናንዓ እትጥቀመሉ ሜላ፡ ፊልማ ኣብ ክፍሊ ብጽሞና ከም እትከታተል፡ ገዛ ምስ ከደት'ውን ጽቡቕ ገይራ ከም እትደግሞ፡ ምስኡ'ውን ኣንባብ ብምትንሳእ፡ ዘድልዩ መጽናዕትን ምጽሓፍን ገይራ ንትምህርታ ከም እትብጽሖ ሓቢራትና።

ኣሕሎም ያሲን ወላዲታ ንተማሃሪት ፊሂማ'ያ። ፊሂማ ጻዕራ ምን ተብዮ ዘለዋን ምእዝዛዛን ወላዲ ምዃና ብምሕባር ከኣ፡ ከም ወላዲት ኣብ መጽናዕታን ቤት ትምህርታን ብጽንዕ ከም እትከታተላ ሓቢራትና። ቤት ትምህርቲ ንጻዕሮም ዝተገናጸፍዎ ዓወትን ኣብ ግምት ኣእትዩ ምትብባዕ፡ ሞራሎም ሓፍ ዘብልን



ተማ. ኤልዳና ምስ ወላዲኣ

ኣብ ትምህርቶም ክፍዕ ዝድርኾን ስለ ዝኾነ፡ ኣድናቖታ ገሊጻ፡ ንኮሚቴ ወለዲ'ውን ኣመስጊናና።

ተማሃሪት ኤልዳና ኣማኑኤል፡ 92.4% ኣምጺኣ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተዓደለት ኮይና፡ እዚ ሸልማት፡ ንዓኣ ሓጐሱ ንወለዳን ቤት ትምህርታን ድማ ኩርዓት ስለ ዝፈጠረሎም፡ ሞራላን ስምዒታን ሓፍ ከም ዝበለ ሓቢራ። ተገናጺፋቶ ዘላ ዓወት ድማ፡ ብመደብ ተመራሒ ስለ ዘጽንዐት፣ ኣብ ክፍሊ ብዕቱብ ስለ ዝተኸታተለት፣ ኣብ ጀነራል ቅድሚ ናብ ፈተና ምእታዋ ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ኣቐዲማ ስለ ዘጽንዓቶን ዝደጋገመቶን ምዃኑ'ውን ገሊጻ። ኣብ'ዚ ደረጃ ንዘብጽሐዋ ወለዳ ብምምስጋን ከኣ፡ እዚ ዓወት ንኣታቶም ከም እተወፍዮ ትሕብር።

ወላዲኣ ኣቶ ኣማኑኤል ገብረመድህን'ውን፡ ጓሎም ብኣላ ጻዕራን ተገዳስነታን፡ ነዚ ዓወት ክትገናጸፍ ምብቅዓ ዝተሰምዖ ሓጐስን ሓበንን ልዑል ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተራ ወላዲ



ተማ. ላሜክ ምስ ወለዱ

ኣብ መንፍዓትን ዓወትን ወላዲ ወሳኒ ስለ ዝኾነ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ዕቱብ ምክትታል እናገበሩ ሳዕልን ታሕትን ክበልሎም ተላብዮ። ኣቶ ኣማኑኤል ኣስዒቡ፡ ወለድን ተማሃሮን ኑቲ መንግስቲ ካብ መባእታ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብ ትምህርቲ ዝገበሮ ዘሎ ወፍሪ ተገንዚቦም፡ ንዝፍጠረሎም ዕድል ብግቡእ ክጥቀምሉ ኣዘኻኺሩ። ኣካል ዓወት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ፍረ ሰላም ንዝኾኑ ዳይረክተር፡ መማህራንን ኮሚቴ ወለድን'ውን ልዑል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ተማሃራይ ላሜክ የናስ 98.4% ብምምጻእ፡ ታብለት፡ መዳልያን ወረቐት ምስክርን ዝተሸለመ'ዩ። ተማሃራይ ላሜክ፡ ነዚ ዓወት ክገናጸፍ ዝበቕዐ፡ ንግዜኡ



ተማ. ዲምያና ምስ ስድራቤታ

ብኣገባብ ክሰርሕን ግዜኡ ብጽቡቕ ክጥቀመሉ፡ ካብኡ ዝሕተት የማልኣሉ ከም ዝነበሩ'ውን ኣረዲኡ። ኣቶ የናስ ክኢላ 'ኣይቲ' ብምዃኖም፡ ኣብ ገዛኦም ዲጂታላዊ መጻሕፍቲ ብምቕራብ፡ ላሜክን ኣሕዋቱን ብቐረባ መጻሕፍቲ ዝረኽቡሉ ድዕል ፈጢሮም ከም ዝሕግዝዎም'ውን ይሕብር።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኢራን፡ ምንቅስቓስ መራኽብ ንምግዳብ ሓድሽ ስልቲ ተተኣታቲ

ኢራን፡ ዋጋ ኑዳዲ ከም ዘዀር ንምግባርን ኣብ ፍርቂ ወቕቲ ምርጫ ኣመሪካ ድማ ጽልዋ ንምፍጣርን ኣብ እትጽዕረሉ ዘላ እዋን፡ ብመጻብቦ ሆርሙዝ ኣቢለን ንዝሓልፋ



መራኽብ ዓላማ ንምግባር ሓድሽ ስልቲ ተተኣታቲ ከም ዘላ፡ ክልተ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ንሮይተርስ ሓቢሮም።

እቶም ሰበ ስልጣን ብዛዕባ እቲ ሓድሽ ስልቲ ዝርዝር ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይሃቡ፡ ቀድሚ 10 መዓልታት ግን ኢራን ኣብ ልዕሊ እተን ዝዀነረቶ እገዳ ብምጥሓስ ዝተንቀሳቐሳ መራኽብ ዝተፈላለየ ሚሳይላት መጥቃዕቲ ክትጥቀም ከም ዝጀመረት ገሊጾም።

እቲ ስልቲ፡ ኣብ ዓይነት ከምኡ'ውን ኣብ ቅልጣፈ መጥቃዕቲ ሓይልታት ኢራን ለውጢ ዝገበረ ኮይኑ፡ ኣብ ወጽኢት ናይ ፍርቂ ወቕቲ ምርጫ ኣመሪካ ጽልዋ ንምፍጣር ከም እተበገሰ እቶም ምንጪታት ኣረዲኦም።

ኢራን፡ ኣመሪካን እስራኤልን ብ28 ለካቲት ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ካብ ዝጀመራ ንደሓር፡ ነቲ ሓደ ሕምሲት ዓለማዊ ኑዳድን ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ዝሓልፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ ክትቆጻጸሮ ከም ዝፈተነት ዝፍለጥ እዩ።

## ዩክሬን - መጥቃዕቲ ሩስያ ሰባውን ንዋታውን ክሳራ የውርድ

ሩሲያ፡ ኣብ ዩክሬን ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ብውሕዱ ሽዱሽተ ሰባት ክምቱ እንከለው፡ ኣማኢት ኣሽሓት ነበርቲ ድማ ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተረፉ ተሓቢሩ።

ሓይልታት ሩሲያ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ልዕሊ መሳለጥያታት መራኸቢታትን ትሕተ ቅርጺ ጸዓትን □□ዩክሬን ሰፊሕ መጥቃዕቲ ከም ዘካየዱ፡ ኣገልግሎት ዜና ኢንተርፋክስ ጸብጺቡ።

ሩሲያ ዝኸደቶ መጥቃዕቲ ዘካየደት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብኽልቲአን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ዝፍጸም ደብዳባት ደው ክብል ድሕሪ ምእዋጁ ድሕሪ ሒደት መዓልታት እዩ።

ሩሲያ፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣብ ርእሰ ከተማ ኪየቭ ንዝርከብ ክልተ ትካላት መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ክትገብሮ እንከላ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከብ ክልተ ካልእ መመንጨዊ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ሓደ ንኡስ መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክን ድማ መጥቃዕቲ ከም እተፈጸሞ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ሓቢሩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ኪየቭ ዝርከብ ዩክሬን ሰሊያዊ ሓበሬታ ካብ ሰራዊት ሩሲያ ንምእካብ ክትጥቀመሉ ዝጸንሐት ማእከል ሓበሬታ'ውን በቲ ደብዳብ ከም ዝዓነወ ተገሊጹ።



ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ነቲ ናይ ባሊስቲካዊ ሚሳይል መጥቃዕቲ ሩሲያ ብዝምልከት ሃገሩ ካብ ምዕራባውያን መሻርኽታ ዝኾነ ቅድመ መጠንቀቕታ ከም ዘይተቐበለት ድሕሪ ምግላጹ፡ ብዛዕባ ምክፋል ስለያዊ ሓበሬታታት ሕቶታት ኣልዒሉ ይርከብ።

## ኮንጎ - ሓድሽ ልፍንቲ ተቓወምቲ ሓይልታት ይቐውም

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ፕረዚደንት ናይ'ታ ሃገር ነበር ጆሴፍ ካቢላ ምስ ዕጡቓት ተቓወምቲ ልፍንቲ ማስረቱ ብምህላው፡ ነቲ ድሮ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይታ ሃገር ዝካየድ ዘሎ ግጭት ዝያዳ ከዩብኦ ተሰጊኡ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።



ካቢላ ነቲ ኣንጻር ሓይልታት መንግስቲ ዝዋጋእ ዘሎን ንገለ ክፋል ኮንጎ ድማ ተቖጻጺሩ ዝርከብን ኪዳን ዕጡቓት ጉጅለታት ኤም-23ን ኤይኤፍሲ (AFC)ን ንምትካእ እዩ ሓድሽ ፖለቲካዊ ወተሃደራዊ ልፍንቲ ኣጠሪሱ ዘሎ።

እቲ ፕረዚደንት ነበር፡ ምስ'ቶም ተቓወምቲ ጉጅለታት ርኡብ ኣለዎ ብዝብል ክሲ፡ ንሱ ኣብ ዘይተረኽበሉ መጋባእያ ብወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ናይ'ታ ሃገር ንሞት ካብ ዝተፈረደሉ መዓልቲ ልክዕ ሓደ ዓመት ጸኒሑ'ዩ ነዚ ልፍንቲ ማስረትዎ ዘሎ።

ኤም-23፡ ንኣስታት 15 ዓመታት ዝኣክል ነቲ ብማዕድናት ሃብታም ምዃኑ ዝንገረሉ ምብራቓዊ ክፋል ኮንጎ ንምቊጽጻር ግጭት ከካይድ ምጽንሑ ይፍለጥ።

በዚ ድማ፡ ልዕሊ 7.8 ሚልዮን ዜጋታት ኮንጎ ካብ መረበቶም ክመዛበሉ እንከለው፡ 28 ሚልዮን ዜጋታት ድማ ብሰንኪ'ቲ ጸጥታዊ ኩነታት ንሕጽረት መግቢ ተቓሊዖም ከም ዝርከቡ፡ ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክት።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ግሪንላንድ ንጥፈታት ዕደና ንምጅማር ትዳሎ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዳህሳስ ኑዳዲ፡ ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ማዕድናትን ኣብ ርእሰ ምምሕዳራዊት ደሴት ግሪንላንድ ክጀምር ይዳሎ ከም ዘሎ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።



ትራምፕ፡ ነታ ስትራተጂያዊ ኣገዳሲነት ዘለዋ ግዝኣት ዴንማርክ ብሓይሊ ክወስዳ ምዃኑ ድሕሪ ምፍርራሑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ማእከረም ምስ መራሕቲ ግሪንላንድን ዴንማርክን ናይ ጸጥታ ስምምዕ ምኽታሙ ዝዝከር እዩ።

ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ዳህሳስ ኑዳዲ፡ ጋዝን ማዕድናትን ኣብ'ታ ሓዳሽን ወቕባትን ደሴትና ንምጅማር ንዳሎ ኣለና፡" ክብል ኣረዲኡ።

ትራምፕ ንኽኢላታት ብምጥቃስ፡ "መጠን ኣብታ ደሴት ብቐሊሉ ዝርከብ ኑዳዲ፡ ካብቲ ዳርጋ ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ዘሎ ዕቑር ኑዳዲ ኣዝዩ ዝዓበየ እዩ" ክብል'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሱ፡ ሓደ ኩባንያ ኑዳዲ ኣመሪካ ኣብ ምብራቓዊ ግሪንላንድ ናይ መዳለዊ ንጥፈታት ከም ዘካየደ ዝገልጹ ጸብጻባት ድሕሪ ምዝርግሖም፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ዓድን ሰበ ስልጣንን ናይታ ደሴት ሻቕሎት ፈጢሩ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

## ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ ትካላት ስዑዲ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ከም ዝፍጽም የጠንቅቕ

ንሰፊሕ ከባቢታት የመን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ መዓርፎ ነፈርትን ትካላት ኑዳድን ስዑዲ ዓረብ፡ ተወሳኺ መጥቃዕቲ ክፍጽም ምዃኑ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣጠንቂቑ።

ሑቲ ነዚ መጠንቀቕታ ዝሃበ፡ ኣብ ዋና ቤት ጽሕፈት ኩባንያ ኑዳዲ 'ስዑዲ ኣራምኮ' ሰፊሕ ዕንወት ከም ዘውረደ ዝገለጸ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ እዩ።

ሑቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ዚም ዒላማ ገይሩዎም ዘሎ ትካላት ኑዳድን መዓርፎ ነፈርትን ተወሳኺ መጥቃዕቲ ክፍጽም ምዃኑ ዘጠንቀቐ ዘሎ፡ ከም መልሰ ግብሪ ናይ'ቲ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ልዕሊኡ ዘካየደቶ መጥቃዕቲ ምዃኑ ይገልጽ ኣሎ።



በዚ ድማ፡ ግጭት ስዑድን ሑቲን ነቲ ድሮ ብሰንኪ ኩናት ኣመሪካን ኢራንን ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ መሊሱ ከየጋድዶ ተሰጊኡ ይርከብ።

ሑቲ፡ ትማሊ ሰለስ ምሸት ኣብ ምብራቓዊት ከተማ ዳህራን ኣብ ዝርከብ ትካል ኑዳዲ 'ስዑዲ ኣራምኮ' ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሓያሎ ደርብታት ናይ'ቲ ትካል ባርዕ ከም ዘስዓበ፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ኣፍልጦ ዘለዎም ሰለስተ ሰባት ንሮይተርስ ሓቢሮም።

ይኹን'ምበር፡ ሚኒስትሪ ጸዓት ስዑዲ ዓረብ፡ እቲ መጥቃዕቲ ወሰኑን ባርዕ ጥራሕ ከም ዘስዓበ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ስዑዲ ዓረብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሰፊሕ መጥቃዕቲ ካብ ሑቲ ከም ዘጋጠማ ዝዘከር ኮይኑ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ድማ ኣብ ሪያድ ኣብ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ 13 ሰባት ከም እተቖትሉ ኣይርሳዕን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ትማሊ ረቡዕ ናብ ሪያድ ገጹ ዝተወንጨፈ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ሑቲ ዒላማኡ ከይወቕዐ እንከሎ ከም ዝበርዓ፡ መንግስቲ ስዑዲ ዓረብ ሓቢሩ።

ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድ፡ ነቲ ትማሊ ቀዳም ዝተፈጸመ ኣብ ታሪኽ ስዑዲ ዓረብ ዝኸፍአ መጥቃዕቲ ሓዊሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ እዋን ጥራይ ኣርባዕተ ግዜ መጥቃዕቲ ከም እተፈጸሞ ይፍለጥ።

መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድ፡ ክሳብ 17 ጥቅምቲ ንጥፈታቱ ኣቋሪጹ ከም ዘሎ፡ በዚ ድማ መንገዲ ኣየራት ዝተፈላለያ ሃገራት ናብ ስዑዲ ዝመደበኦ በረራታት ሰሪዘንኦ ከም ዘለዋ፡ ሰብ መዚ ናይ'ቲ መዓርፎ ነፈርቲ የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሓማሴን | 15/10/2026 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |